# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.230 | ቀዳም 25 ግንቦት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2

መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ገጽ 4


ገጽ 6
ጽምብል ናጽነት ኣብ ዳሳት ሰኒትን ሓድነትን!


ገጽ 7
ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ኣካል መኸተና እዩ!


ገጽ 11
ማንሲቲ - ማንዩናይትድ



## ወግዓዊ ጽምብል በዓል ናጽነት ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ




ወግዓዊ ጽምብል መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ” ብዝብል ቴማ - ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድ.ቐ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብልዑል መዓርግ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ሰላምታ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዝኽሪ-ሰማእታትን ዝፈለመ ወግዓዊ ስነስርዓት፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ፡ ንሓድነት፡ ጅግንነትን ጽንዓትን ህዝብና ዘንጸባርቕ መሰናድኢታት ከምኡ'ውን ናይ 30 ዓመታት መሪር ተጋድሎና፡ ንምኽባር ልኡላውነትናን ልምዓታዊ መኸተናን ዘንጸባርቕ - ንዊዲሕ ኣዋርሕ ምድላዋት ዝተገበረሉ ምርኢት ክቐርብ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን የሓንኡ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ምስ ኩሎም ፈተውቱን ሓራ ህዝቢ ዓለምን “የሓና” ድሕሪ ምባል፡ ዘኽሪታት ናጽነትና፡ ኣብ ዳይናሚካዊ ሃገራዊ ህንጸት ናጻን ልኡላዊትን ኤርትራ ዝተዓመ ኸሳስ ተልእኾ ኣዘሚድና ንምምዕጋም፡ ኣብ ዓለምን ጎደቦናን ዘሎ ተቐያያሪ ሃዋሁ እንደህሰሱ ኣጋጣሚ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ቅድሚ 30 ዓመታት ዝተኣወጀ ንሩስያ ቀዲም ዝሰርዐ ኩናት “ድረታ”፡ ብውዕውዕ ፕሮፓጋንዳታት ዕላማዊ ቴማ ኩይኑ ከምዝጸንሐ፡ ንዝተረመሰ ‘ኔቶ’ን ‘ኤውሮጳዊ ሕብረት’ን ኣብዚሕትን ጸዑቕ ክንክን ጊርካን ሓይሉ ከምዝሎ ንምምሳል ዝቐየድ ተዋስኦታት፡ ድረታ ቻይና'ውን ምስ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂን ከምዕበል ዝኽእል ውጥረትን ዝገጠም ከምዝረኸቦ ኣብሪሁ።

ዝቤታዊ ኩነታትና ጽልዋ ዘለዎም እዋናውያን ኩነታትን ምዕባለታትን ጉረቤትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከኣ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 33 ናይ ናጽነት ዓመታት ብሃረት “ዓብልል-ጉበት” ከፈሓሱ ንዝጸንሑ ኣጀንዳታትን ሳዕቤናቶምን ጠቒሱ።

ድሕነታዊ ድልውነትና ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ቀዳምነት ቀዳምነታትና ህንጸት ናጻ ሃገር ስለዝኾነ፡ ልምዓታዊ መደባትና ኣዕቢና ኣድማዕነቱ ንምሕያል ክንዕጥፍ፡ ኣብ ሰፊሕ ምሕዝነታዊ ምትሕብባርን ምምልላእን ጉረቤትና፡ ጎደቦናን ሓራ ህዝቢ ዓለምን ክንሰርሕ - ምዃንና ድማ ገሊጹ።

*(ምሉእ መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)*

## ደ/ቀ/ባሕሪ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ብድሙቕ ስነ-ስርዓት ተጸምቢሉ

ኣብ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ትማሊ 23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ወደብ ዓሰብ ብምዕሩግ ኣገባብ ተጸምቢሉ።




ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ዝርከብዎም ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ሱልጣን ራሓይታ ዓብዱልቃድር ዳውድን ብርክት ዝበሉ ህዝብን ሰራዊትን ተሳቲፉ።

እቲ ጽምብል፡ ብዝሎኻት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ፖሊስን ብዝቐረበ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ምርኢት ፈጠናት ጀላቡ፡ ከምኡ'ውን “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ” ንዝብል ቴማ ብዘንጸባርቕ ስነጥበባውን ባህላውን ፍርያት ደሚቑ ነይሩ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ንዝተኸፍለ ሕዚን ዋጋ ብምጥቃስ፡ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም'ውን ብመኸተ ስለዝውሓሰ፡ ዘሎናዮ መድረኽ - ንቑሕ ኣብርክቶ ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ከምዝሓትት ኣገንዚቡ።

ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ብወገና፡ ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ምስ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተወሃሂዱ ዘውደቦ ዘሎ ጸምብላት፡ መርኣያ ናይ'ቲ ንናጽነቱ ስለኡ ዝተኸፍለ ዋጋን ዘለዎ ክብሪ ከምዝኾነ ገሊጻ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ከተማ ዓሰብ - ብምምሕዳር ከባብኦም ኮማዊ ዳሳት ብምትካል፡ በዓል ናጽነቶም ብልዑል ማዕርግ ጸምቢሎሞ።

ኣብ'ቲ ጽምብል ኮማዊ ዳሳት - ኣርነትን ትርጉምን ናጽነት ዝገልጽ መደረታትን ባህላዊ መሰናድኢታትን ቀሪቡ።

# መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን፣**

***ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ወሸጢን ወጻኢ፤ ምስ ኩሉም ፈተውቱን ሓራ ህዝቢ ዓለምን የሃና!***

ነዛ ዕዙዝቲ ዕለተ-ናጽነት 33 ንምምዕራግ፤ ቀስቃሲ መሰናድኦታት ኣብ ምድላው፣ ኣብርክቶ ንዝገበሩ ኩሉም ከኣ ምስጋና!

ኣብ ዝኽሪታት ናጽነትና፣ ዓመት-ዓመት፤ ኣብ ዲናሚካዊ ሃገራዊ ህንጸት ናጻን ልዑላዊትን ኤርትራ፤ ዝተዓመ ገስጋስ ተልእኾ ኣዛሚድና ንምምዝጋም፤ ኣብ ዓለምን ጎደቦናን ዘሎ ተቐያያሪ ሃዋሁ ንደህሰሱ ኢጋጥሚ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 33 ዓመታት፤ ምስ ምኽታም "ዝሑል-ኲናት"፤ ሓድሽ 'ዓለማዊ ስርዓት' ክወን ንምግባር፣ ዝተኣታተወ ስሉሓሳብትን ፖሊሲታትን፣ ዘኸተሎ ጽልዋታት ብወድዓዊት ንምንባብ ምእንቲ ኪሕግዘ፣ ዝተሰልዱ ትዕዝብቲታትና መወከሲ እዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ወኸሉዓት ዓመታት ብፍሉይ፤ እቲ ኪገዝእ ዝተደልየ "እንኮ-ቀጽራዊ" ዓለማዊ ስርዓት፤ ብመኸተ ሓራ ህዝብታት ዓለም፣ እናተሳዕረ ኣብ ዝኸይዱን፤ ሓድሽን ሪቡላ ሰፊሕ ህዝብታትን ዝውክል ዓለማዊ ስርዓት ኪመጽእ ምእንቲ፣ ዝግዕበለ ሃንቀውታ፤ ኣርእስቲ ንዑበኛ'ዩ ነይሩ። እቲ "መድርኽ ምስግጋር" ክብሃል ዝከኣል ዓመታት፤ ምስ ኩሉ ተቐያያሪ ረቛሒታቱ፣ ብዕምቈት ንምርዳእ፤ ኣብ 2021፣ 2022፣ 2023፣ ዝተኻየዱ ዳህሳሳዊ ንባባት፤ ትሕዝቶ ስሉሓሳብ "ዓብልል-ጉብኡ"፤ ምስ ናይ 'በሃራቱ' (elite) እስትራተጂታትን ወጥናትን ስልቲታትን ንምብራህ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። ሕጂ ኣብ 2024ኸ፣ እንታይ ይመስል?

ቅድሚ 30 ዓመታት ዝተኣወጀ ኲናት "ድረታ"፤ ንሩሲያ ቅድም ዝሰርዐ፤ ብወዕወዕ ፕሮፓጋንዳታት፣ ዕሉታዊ ቴማ ኩይኑ ዘሎ ጉዳይ'ዩ። ንዝተረመሰ 'ናቶን' 'ኤውሮጳዊ ሕብረትን'፤ ኣባዚሕካ ጸዑቕ ከኸክን ጌርካ፤ ሓፋሉ ከምዝሎ ንምምሳል ዝካየድ ትያትሮታት፤ ኣብ ዝቖቱ ተሸኺሉ/ተዋጢሩ ከምዝሎ ከሰትር ዘኽእል ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ናይ ከንቱ (futile) ኲናት፤ መዓልቲ-ብመዓልቲ ዝሓርር ዘሎ በልዮናት ዶላራት፤ ናብ ትሪልዮናት የጋልብ ከምዝሎ ኸኣ፣ ርኡይ'ዩ። ግዜ እናማጠጠ፣ ዕንወት እናዛየደ፤ ብዓለም ደረጃ፣ ከኸትሎ ዘኽእል ሓደጋ ኸኣ፤ ቀሊል ኣይኮነን'ዩ። በሃራት'ቲ ወዱቕ ስሉሓሳብ፤ ጭንቀቶም ይዛይድ ስለዘሎ'ውን፤ ኪሓስቡዎ ንዘኽእሉ ሕርያታት ምምርማር ኣዝዩ ከቢድ'ዩ።

ካብ ናይ ሩሲያ ድረታ፣ ዝያዳ ዘሰክፍ፤ ድረታ ናይ ቻይና'ዩ። እዚ ብጥዑም ቋንቋን ልስሉስ ዲፕሎማሲን ክሽፈን ዝደለ ዘሎ እወጅ ኲናት፤ ምስ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂን፣ ከምዕበል ዝኽእል ወጥረትን፣ ዝጋጠም ኣይኮነን። ብቐንዱ፤ በሃራት "ዓብልል-ጉብኡ"፣ ብባህርያምን ምእንቲ ወልፎምን፤ ንናይ ቻይና ቁጠባዊን ተክኖሎጂያዊን ወተሃደራዊን ዕቤት ኩሉ፤ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዝምድናታት ኪቕበሉዎ ስለዘይክእሉ፤ ወጥረት ዝዘልቕ ኣይኮነን። ልዕሊ ኩሉ፤ ናይ ዕብለላን ምግባትን ኣጀንዳታቶም ከዋድቑ ስለዘይክእሉ፤ ብምስምስ 'ታይዋንን' ሆንግ-ኮንግን፤ ብጸቢብ፣ ኣብ "ባሕሪ ደቡብ ቻይና"፤ ብገፊሕ ከኣ፣ ኣብ እሲያ፤ ቻይና ንምድራት ዘኽእል ኪዳናት ንምፍጣር ዘካይዱዎ ህቀናታት፤ ግሁድ መርኣያ'ዩ። ብዓቢኡ ግን፤ ዝዓበየ ስግኣቶም፤ ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያዊን ዕቤት ስለዝኾነ፤ እዚ ዓቐሚ'ዚ ንምድራት፣ ዘዋድዱዎ ዘለዉ ሓጹራትን እገዳታትን፤ "ጫፍ እምባ በረድ'ዩ" ክብሃል ይከኣል። ከምዚ ዝበለ ሓደገኛ ቅዂት-እምር፣ ኣብ ዓለማዊ መድርኽ ከሰዕቦ ዘኽእል ቅልውላው ከኣ፣ ንእሹቶ ኣይኮነን። ልዕሊ 30 ትሪልዮን ዕዳ ዘለዋ ኣሜሪካ፤ ኣሰታት ርብዒ ካብኡ፣ ብቻይና ትእወድ'ዩ።

ኣፍሪቃን፣ ኩነታት'ቲ ክፍሉ-ዓለምን፤ ምስ ካልእ ዓለማዊ ምዕባለታት፣ ኣዛሚድካ ዝርአ፤ ካልእ ኣጉዳሲ ባይታ'ዩ። ብዓይኒ በሃራት "ዓብልል-ጉብኡ" ከኣ፣ ከም ዘይቅረብ ሕዙእቲ፣ ኪወሰድ ዝጽንሐ'ዩ። እቲ ክፍሉ-ዓለም፤ ኣሰታት 60% ካብ ባህርያዊ ጸጋታት ዓለም ዝውንን፤ ብቐልጡፍ ናህሪ ዝዓቢ፤ 1.2 ቢልዮን



ዝግመት ህዝቢ ዘለዎ'ዩ። ምስ ኩሉ'ዚ ጸጋታት፤ ብቦርኖትን መግዛእትን ዕድላቱ ተመንጢሉ ከይኣክል፤ ኣብ መዋእል ኢንዱስትሪያዊነት፤ ዕብየቱ ተሓሪቑ፤ ኣብ ቁጠባ ዕንጋሎ (subsistence) - ብሰደድ ጥረንዋት ጥራይ - ዝነበር ዘሎ፣ ዝተዋሰአ ህዝብታት ዝሓቘፈ ክፍሉ-ዓለም'ዩ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ወኸሉዓት ዓመታት ግን፣ ናይ ህዝብታት ኣፍሪቃ፣ ንቦርኖትን መግዛእትን ምግባትን/ምዝምማትን፣ "ይኣክል!" ዝብል ድምጹ፣ እናሓየለ ይኸይድ ኣሎ። ኣንጸር ስርቂን ዝምታን ጥራይ ዘይኮኑ፤ መሳርዑ ንምዝራግ ዝዘራእ ኣተፋናኒ ኤትኒካዊን እንዳዊን ኣጀንዳታት፤ ናይ ሃሱሳት ብኩል (corrupt) መጋበርያ ስርዓታት ከምኮትን፣ ንሃገራዊ ህንጸትን፤ ንናጽነትን ልዑላዊትን፤ ንቅሓት እናዛየደን ተበግሶታት እናወሰደን፣ ብደሆ ኪብል ደርኡ ኣሎ። ንሓድሽ ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ዘለዎ ሃንቀውታ ምስኡ። ናይ እሲያን ላቲን-ኣሜሪካን፤ ምስ ህዝብታት ኤውሮጳን ኣሜሪካታትን'ውን ብተመሳሳሊን፣ ብሰፊሕ ዝንቡበን'ዩ (ኣብ ካልእ ኢጋጥሚ ብሰፊሕ ዝርኣ'ዩ)።

እቲ ብቐረባ ዝጸልወና፣ ጉደቦና'ኸ? ጉደቦና፣ ተፋሰስ ኒልን፣ ቀርኒ-ኣፍሪቃን፣ ቀይሕ-ባሕርን፣ ወሽመጥን።

ሓደ፣ ኣብ ወሽጢ'ዘን ዝሓለፋ ሸውዓተ ኣዋርሕ፣ ማእከል መድርኽ ሓዙ ዘሎ ጉዳይ፤ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጥኤም ንናጽነት'ዩ። ካብ ድሕሪ 2ይ ዓለማዊ ኲናት 'ተዘይተባህለ፤ ካብ "ኦስሎ" (1993) ንደሓር፤ በሃራት "ዓብልል-ጉብኡ"፣ ብስም "ፍታሕ ክልተ ሃገራት" (Two State Solution)፤ ኣዳህሊልካ፣ ግዜ እናመጠጥካ፤ ናይ መራሕቱ ድኻማትን ውድባዊ ምምዝማዝን እናመዝመዝካ፤ "ሓደሽ-ክውን" (accomplished facts) ኣብ ባይታ እናፈጠርካ፤ ናይ ሃገራት ዓረብ "ሰኸኸት" (normalization) እናዓደግካ፤ ጉዳይ ሓርነትን ናጽነትን ህዝቢ ፍልስጥኤም ዓፊንካ ንምቕታል'ዩ ነይሩ ብልሓቶም። ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጥኤም ግን፤ መኸተኡ ከየዘየን ከይተሰለፈን፤ ብጽንዓቱ፣ ንዓለም ዘገረመ ጥራይ ዘይኮነ፤ ሰፊሕ ህዝባዊ ዓለማዊ ምሕዝነት ፈጢሩ፤ ማእከል መድርኽ ሒዙ ኣሎ። ማዕረ-ማዕረ'ቲ መኸተ ግን፤ ዓሚጺን ምስሉይን ሸጣፊን ባህርያት 'ኣሰላ' "ዓብልል-ጉብኡ" ኣቃሊዑ ደርጒሑ።

ምስ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጥኤም ንናጽነት ተተሓሒዙ ካብ ዝዓቢ ምዕባለታት ጎደቦና ሓደ፤ ካልኣት፣ ህዝብታት ጎደቦና፣ ኣብ ሃገርም ብዘሐደሉዎ ናይ ምሕዝነት መግለጺታትን መርገጺታትን፤ ኣብ ቀይሕ-ባሕርን፣ ባብ ኤልመንደብን ወሸመጥ ዓደንን፣ ብፍሉይ፤ ተፈጢሩ ዘሎ ወጥረት'ዩ። እዚ ወጥረት'ዚ ምስምስ ገርካ፤ "ኣህጉራዊ መጉዲ-ማያት ክንሕሉ ኢና" ተባሂሉ ዝካየድ ዘሎ ዘይሕጋዊ ምትእትታዋትን ኣረማጽን፣ ኑዓያት 'ዓብልል-ጉብኡ'ን፣ ሓደገኛ ሳዕቤናቱን ከኣ ኣቓልቦ ዝስሕብ ምዕባለ'ዩ።

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን፣**

ካብ ቀረባ ብቐረብኡ፤ ንዘቤታዊ ኩነታትና ብቐጥታን ብዘይተወዋርን ናይ ቀረባ ጽልዋ ዘለዎም እዋናውያን ኩነታትን ምዕባለታትን ጉረባብትና፣ ኣዝዮም ብዙሓት'የም። ኣውራ ኣብዘን ዝሓለፋ 33 ናይ ናጽነት ዓመታት፤ ብበሃራት "ዓብልል-ጉብኡ" ከፈሓሱ ዝጸንሑ ኣጀንዳታት፤ . . . ካብ ምንቛትን፣ ቅልውላዋት ኣሳዊርካ ምምሕዳርን፤ ናብ ወራርን ኲናትን ሰጊሮም፤ ዘኸተሉዎ ምትሕልላኻትን ዕንወትን፣ ኣዝዩ ዓቢ'ዩ ነይሩ። ማዕረ ፍሽለት ናይ ዝተፈላለዩ ተጻባእታት፤ ጭንቀት "ዓብልል-ጉብኡ" ዓጸፋ ስለዝዋርግ ከኣ፤ ኣብ'ዚ ሰዓት'ዚ ሃፍኖፍ ዝበለሉ ዘለወ፤ ካልእ ኲናት ናይ ምብራዕ ፍሕሶታት'ውን፤ ቅሉዕ ምስጢር'ዩ ክብሃል ይከኣል (ብሰዓቱ ኪግለጽ'ዩ)። ሳላ'ቲ ንሓርነቱን ናጽነቱን 50 ዓመታት ተቓሊሱን ተሰዊኡን፤ ኣብ ዝሓለፉ 33 ዓመታት ከኣ፤ መዛኑ ብዘይርከቦ ቅያ ሓርበኛነትን ጽንዓትን፤ ናጽነቱን ልዑላዊነቱን ዘውሓሰ ህዝቢ ኤርትራ፤ ምስ ቅድመ-ግንባርነትን ድርዒን ጀጋኑ ሓይሊታት ምክልኻል፤ ካብ ቁሰን ንላዕሊ ዝበሃል የለን።

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን፣**

ንዘኸሶ ተጻባእ፤ ድሕነታዊ ድልውነትና ኣብ ቦትኡ እናሃለወ ግን፤ ቀዳምነት ቀዳምነታትና፣ ህንጸት ናጻ ሃገርና ስለዝኾነ፤ ልምዓታዊ መደባትና ኣዕቢና፤ ኣድማዕቱ ንምሕያል፤ ሒዝናዮም ዝጸናሕና ወጥናት ኣወርጺጽና፤ ዘድሊ ጸጋታት ኣንቀሳቒስና፤ ዘድሊ ሕድገትን መስዋእቲን እናገበርና፤ ውጺኢታትና እናደራዕና ክንሰርሕ ኢና። ኣብ ወጻኢ ንዘለዉ ዜጋታት፤ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ፈተነ እዋናትን፤ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ብዘርኣዩዎ ሓርበኛነትን ከኣ ኣኽናዕ! ቀጽልዎ!

ንናጽነትናን ልዑላዊነትናን ጥራይ ዘይኮነ፤ ኣብ ሰፊሕ ምሕዝነታዊ ምትሕብባርን ምምልላእን፤ ጉረባብትናን ጎደቦናን'ውን፤ ምስ መናፍድና ሓራ ህዝቢ ዓለም፤ ከይተዛናዕ ክንሰርሕ ኢና!

**ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!**
**ጥሉል ክራማት ምስ ህዝባዊ መኸተ!**

**ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና!**
**ዓወት ንሓፋሽ!**
24-05-2024




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ወግዓዊ ጽምብል በዓል ናጽነት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ!

ሪፖርታዥ

ዳህላክ ነጋሲ

'ውሕስነት ሰላም ብመኸተ' ዝዜማኡ መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና፣ ካብ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ኣብሉ እዩ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ፈሊሙ። ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፣ ንኹሉ



ሸርሒታትን ተጻብኦታትን መኪቱ ካብ ጸኑዕ መትከሉ ምንቕ እንተይበለ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ንምድማቕን ምኽብርን ኣብ ምሹብሻብን ምድላውን ተጸሚዱ ቀንዩ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ብጽንዓቱን ትብዓቱን ኣብ ዘረጋገጾ ውሑስ ሰላም ቈይሙ ከኣ፣ ትማሊ 24 ግንቦት ወግዓዊ ጽምብል መዓልቲ ናጽነቱ ብደረጃ ሃገር ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብሸብ ዝበለ ስነስርዓት ጸምቢሉ።

ወግዓዊ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ዘኣንገደ ስታድዮም ኣስመራ፣ ብዝርያኡ ብሰንደቕ-ዕላማ ወቒቡን ምድራቤቱ ሰቲ ተኸዲሱን ዕዱማት ኣጋይሽ ንምቕባል ኣፍ-ደገታቱ ተራሕወ'ሞ፣ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማሰኛታት፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተሓዝኦሎም ቦታ ተቐመጡ።

ኣብታ ህሞት እቲኣ ካብ ጻት ናብ ጻት ስታድዮም ኣስመራ ዝመልኣዎ ተሳተፍቲ ካብቲ ቀጽሪ ወጻኢ ብማዕዶ ብመገዲ መራኸቢ ብዙሃን ዝከታተል ህዝቢ፣ ወግዓዊ ጽምብሉ ንምኽባር ብሓደ መንፈስን ህርመትን ተቓጸዩ።

ብሰንደቕ-ዓላማ ብዘወቀበ ኣልባሳት ዝማዕረጉ ዕዱማት ኣጋይሽ፣ ስሙር ዝረምታኡ ጣቕዒትን ዕልልታን ብኹሉ መኣዝን ኣጋውሑ። ስቓታ ሰፈንዎ ዝጸንሐ ስሚያት ስታድዮም ኣስመራ ንእሉቱ ደጓብ ፈስታን ደስታን ዓሰሎ። ሰዒቡ፣ እተፈላለየ ንመዓልቲ ናጽነት ዝገልጽ ጣዕሚ ዜማታት ብመጉልሒ ድምጺ ምስ ተፈነወ ህዝቢ ካብ ኮፍ ዝበሎ እናተንሰአ ዕልልታን ጣቕዒትን ኣሰንዩ ሓጎሱ ብፍሰህ መንፈስ ኣንጸባረቐ። እቲ ህሞት - ሰሚዒት ነፍሲ-ወከፍ ተሳታፋይ ብዘይ ቃንቃኣዊ ዝርርብ ርዙት እዛ ክብርቲ ዕለት ዝገለጸሉ ከምኡ ድማ ሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ዝመስከረ ነበረ።

ምዱብ ስነስርዓት ዝጀመረሉ ሰዓት ምስ ተቓረበ፣ ልክዕ ሰዓት 4:00 ድ.ቐ, ጉጅለ ሃገራዊ ማርሽን ባንድ ቀይሕን ቀጠልያን ጸለምን ዝሕብሩ ዲቪዛ ለቢሶም ተቐልቐሉ፣ ህዝቢ ድማ ብጣቕዒትን ዕልልታን ተቐበሎም። ኣባላት ማርሽን ባንድ፣ ብስሙር ኣሳጉማ እናተጓዕዙ ናብ ቀጠልያ ምንጻፍ'ቲ ስታድዮም ብምውሓዝ ኣብ ኣርባዕተ መኣዝን ቈይሞም ድሉዋት ኮኑ። ልክዕ ሰዓት 4:20 ድ.ቐ ኮኣ ምምጻእ ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ተነግረ ተሳተፍቲ ንኽብሪ መራሒ ሃገርም ኮብ ኮፍ መበሊኦም ተንሲኦም ተቐበልዎ። ኣብ ድሕሪ ባይታ ኮፍ ኢለን ምርኢት ከቕርባ ዝተዳለዋ ተመሃሮ ከኣ 'የሃና' ብምባል ብኣገራሚ ትርኢት ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ፈለማኦ።

ወግዓዊ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ንምኽፋት፣ ናጽነታ ዘረጋገጹ ሕፍርትን ብልጽግትን ኤርትራ ንምምጻእ በጃ ሓፋሽ ንዝሓለፉ ሰማእታት ንምዝካር፣ ኩሉ ተሳታፋይ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ። ንሰለ'ዛ ክብሪ መሬት ንዝሓልፉ ሰማእታት ንምዝካር ከኣ፣ ንሓደ ደቒቕ ዝቐጸለ ዝኽሪ ሰማእታት ተኻየዱ።

ብድሕሪዚ፣ ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ - ናይ መኽፈቲ ቃል ከስምዕ ናብ መድረኽ ኣምርሐ። ኣምባሳደር ዘመደ ኣብ መደረኡ፣ ፈለማ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ የሃና ድሕሪ ምባል፣ ነቲ በዓል ንምድማቕን ንምምዕራግን ንዘተሳተፉ ኩሎም ኣካላት ኣመስጊኑ።

ቀጺሉ - ብምኽንያት እዛ ክብርቲ ዕለት ቃል ንኸስምዕ ድማ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዓደሞም። ሻቡ ህዝቢ ዕልልታን ጣቕዒትን ብዓውታ ኣሰምዐ። መደረ ክቡር ፕረዚደንት ተዛዚሙ ትርጉም ትሕዝቶኡ ብቛንቋ ዓረብ ምስ ቀረበ ኮኣ፣ ብውዕወዕ ህርመት ዝተዓጀበት 'ወሰን' እትብል ጣዕመዚማ ብድምጻዊ ተሰፋይ መሓሪ ተደርፈት። ህዝቢ ካብ ኮፍ ዝበሎ ብምትንሳእ እናዓለለን እናደበለን ስምዒቱ ኣንጸባረቐ።

ድሕሪዚ፣ ብማርሽን ባንድ ዝተመርሐ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ኣብ ሽዱሽተ ብሎኮት ተኸፋፊሉ ተዳለወ። ወትሩ፣ ወተሃደራዊ ሰልፊ ንወግዓዊ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ፍሉይ ሕመረት ካብ ዝህብዎ መሰናድኦታት እዩ። እዩም ብስሙር ኣሳጉማኦም ቀልቢ ኣብቲ ቅርዓትን ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለምን ኩይኑ ዝዕዘቦም ተመልካትን ዝሰለቡ ሰልፈኛታት፣ ብተጋደልቲ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ሓይሊ ባሕሪ፣ ሓይሊ ኣየር፣ ፖሊስን ሓይልታት ምክልኻልን ሓደ ድሕሪ ሓደ እናሰዓቡ ምርሻኦም ፈለሙ። ኩሉ ተሳታፊ ንኽብሪ ወተሃደራዊ ሰልፊ ካብ ኮፍ ዝበሎ ብምትንሳእ፣ ጣቕዒትን ዕልልታን ብዘይምቁራጽ ኣጋውሐ።

መራሕቲ መደብ ብወገኖም፣ 'የሃና' ብምባልን ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ምርግጋጽ ሰላምን ተዋፊሮም ዝርከቡ ሓይሊ ምድሪ፣ ባሕሪ፣ ኣየርን ኣኽብሮት ጸጥታን፣ ተልእኾኦምን ዕማሞምን ንምፍጻም ዘለዎም ተዋፋይነትን ድልውነትን ዝገልጽ ጭርሖታት'ውን ብተደጋጋሚ ገለጹም። ሰልፈኛታት ንልቢ ኹሉ ተዓዛቢ ዝማረኸ መሳጢ ምንቅስቓስ እናኣርኣዩ ንናይ ክብሪ ትሪቡን ሰላምታ እናኣቕረቡ ሓደ ድሕሪ ሓደ ተኸታቲሎም ሓለፉ።

ሰዒቡ፣ ንመበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ንምድማቕ ዝተዳለወ ስነጥበባዊ መደባት ቀረበ። ፈለማ፣ ብስነጥበበውያን ተኽለ ክፍለማርያምን ኣብርሃት ኣንከረን ብሓባር 'ኣጆኺ ኤርትራ' ዝብል ኣርእስቲ ዝሓቘፈት ጣዕሚ ዜማ ኣዚሞም። ቀጺሉ፣ ብቛንቋ ትግረ 'ጆወንን' ማለት 'ህዝበይ ርእሱ-ኣየድንን እዩ' ዝብል ትርጉም ዝሓቘፈት ደርፊ ብድምጻዊ ስሌማን ኣሕመድ ቀረበ። ካብኡ ብምቕጻል፣ ኣስታት 4,400 ዝኾኑ ተመሃሮን 300 ፍሉያት ተላሃይትን ዝተሳተፍዎ፣ 'ንደየት' ዝብል ኣርእስቲ ዝሓቘፈ ጥበባዊ ምርኢት ተመሃሮ፣ ብምንቅስቓሳዊት ድራማ ተሰንዩ ቀረበ። እዛ ድራማ ናይ ቅድምን ድሕርን ባይታ ትርኢታት ተወሃሂዱ ደርፍታትን ትልሂታትን ኣሳእልን ጽሑፋትን ምስናታትን ዲዛይናትን ዘጠቓለለ - ሓያል ስራሕን ምድላዋትን ዝተኻየደላ ኢያ።











ጥበባዊ ምርኢት ተመሃሮ 'ንደየት' ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፣ ቁጠባን ኩሉ መትንታትን ዓለም ብእንኮ ቀጽሪ ተገቢቱ ንኽሽይድ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ብሓደ ወገኑ ብኣንጻሩ ድማ ዚ ተልእኾን ኣካይዳን ብምቅዋም ፍትሓዊት፣ ብዙሕትን ርብሕትን ቀጽሪ ዝኾነት ዓለም ንኽትህሉ ንምርግጋጽ፣ ዝሽይድ ዘሎ መኸተን ንሱ ፈጢርዎ ዘሎ ንደየትን ብቐለልን ጥበባውን መገዲ ንምርኣይ ዝዓለመ ስራሕ እዩ። ነዚ ጥበባዊ ምርኢት ተመሃሮ ዘሰዓየ ብርክት ዝበለ ጣዕሚ ዜማታት ብብዙራ ክቐርብ እንከሎ፣ ተሳተፍቲ ድማ ንደጓብ ጽምብል ናጽነት ዝያዳ ዘማዕርግ ግብረ መልሲ የንጸብርቑ ነበሩ።

ብባህላውን ዘመናውን መዚቃ ተዓጂቡ ካብ ዝቐረበ ጥበባዊ ስርሓት - ፈለማ 'ዓሳቦድ' ብቛንቋ ዓፋር፣ 'ኣዝከለ ጋምሊ' ብቛንቋ ብሊን፣ 'ኣሌላት' ብቛንቋ ሳሆ፣ 'ኤታንህያብ' ብቛንቋ ብዳወየት፣ 'በጃላ' ብቛንቋ ናራ፣ 'ኢዮኒጋም' ብቛንቋ ኩናማ፣ 'ደማሳት ሰላም' ብቛንቋ ትግረ ከምኡ'ውን 'ሃገሩ-ሓቂ፣ ቀንዲሊዩ፣ ደምባና፣ መንና ኢዩ ሃዋሲ' ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘለ ደርፍታት ብቛንቋ ትግርኛ ተዘይመን።

እቲ በዓል፣ ንልዕሊ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ብዘቐጸለ ጥበባዊ ምርኢት ተመሃሮ፣ ዝተፈላለየ መልእኽቲ ትሕዝቶን ዘንተተ ዲዛይናት፣ ትልሂታዊ ድራማን ኮሜዲያዊ ደርፍን ደማቒ ነይሩ። ማዕረ-ማዕረኡ ጉዳይምን ውልዶ ስነ-ጥበቢያውን ዘደንቕ ባህላውን ዘመናውን ጣዕመ ዜማታት ብምቕራብ ነቲ ምሸት ኩሊያምዎ ኣምስዩዎም። ወግዓዊ ጽምብል ናጽነት ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ መሰናድኦታት ድሕሪ ምእንጋዱ፣ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።


***የሃና ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ!***

# “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!”

## ቅያ ትማሊ -ንቕያ ሎሚ
















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ. - ታእዛዝ ኣብርሃ
ፍረሚናጦስ እስቲፋኖስ
ሰለሙን ኣብርሃ
ኣብርሃም ሃይለስላሰ
ሃብቶም በርሀ

# 33rd ANNIVERSARY OF THE ERITREAN INDEPENDENCE



ውሕስነት ሰላም ብመኸተ ! ! ضمان السلام بالتصدي

## Peace Anchored on Resilience !

NATIONAL HOLIDAYS ORGANIZING COMMITTEE ASMARA, ERITREA May 2024

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ዳሳት ስኒትን ሓድነትን!

የርዳኖስ ጸጋይ
ሸዊት ተኽለ

ህዝቢ ኤርትራ ከም'ቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ - ሎሚ ዓመት እውን ንመበል 33 ዓመት በዓል ናጽነቱ - በብከባቢኡን ምምሕዳራቱን ተወዲቡ ህዝባዊ ዳሳት ብምድኳን ብውዕወዕ ሃገራዊ መንፈስ ይጽምብሎ ኣሎ።

"ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝጽምበል ዘሎ ናይ



ተጋ/ት ፍረወይኒ ተኽላይ



ወ/ሮ ሓያት ያሲን

ሎምዘመን መዓልቲ ናጽነትና፡ ኤርትራ ሽርሒን ተጻብኦታትን ሓሲዩዋ መኪታ ኣብ ትሰፍሖ መድረኽ ልምዓትን ምዕባለን ኣብ ዘላትሉ እዋን ይብዓል ብምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ።

እዛ ዕለት፡ ሕድሪ ናይ'ቶም ብደሞምን ረሃጾምን ናጽነት ዘምጽኡ ጀጋኑና ኣጸኒዕና ንዘበለጸ ራህዋን ብልጽግናን እጅግና ሰብሲብና ንኽንሰርሕ ቃል እንኣትወላ ዕለት እያ። እዚ ብደሙን ድምጹን ናጽነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ፡ ከም ሓደ ሰድራ ኮይኑ ንሃገራዊ ውራያቱ ክዕጠቕ እንከሎ ብኣሽሽታይ፡ እምበኣር፡ ከመይ ደስ ዝብል እዩ!!

ሃገራውያን በዓላትና፡ ንሓድነትናን ጥምረትናን ዝኸውን ባህልናን ክብርታትናን ናብ መንእሰያትን ህጻናትን ዘሰጋግሩን ኣጋጣሚታት ከም ምዃናም መጠን፡ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ እዩም ዝኸበሩ። ህዝቢ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ በዓላት - ብሃይማኖት፡ ብሄርን ቋንቋን ከይተፈላለየ ኣብ ሓደ ቅርዓት ክዋሰል ምርኣይ እውን 'ደብል' ዝብል ሃገራዊ ባህሊ እዩ።

ብ22 ግንቦት ንጥፈታት ኮማዊ ዳሳት ንምዕዛብ ኣብ ወሰኑ ቦታታት ናይ ንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ ሓሙስን ፓራዲዞ ተዛዊርና ነይርና።

ነርቲ ቦርቦሬ፡ ኣብ'ቲ ሃገርገር ዝብል ብዝተፈላለየ ጭርሖታትን ባንዴራን ዝደመቐ ዳሶም፡ ብኣባላት ጉጅለ ባህሊ ክ/ሰራዊት 59 ዝተዓለወ ዝተፈላለየ ባህላዊ መሳናድኢታት ተሰኒዖም እዮም ጸምብሎም ኣብ ምክያድ ጺሒሎምና።

ፈለማ ዘዕለልናያ ምስ'ቲ ህዝቢ ሽሻይ ናጽነት ክትቋደስን ኣብ ምውህሃድ እቲ መደብ ብንጥፈት ክትሳተፍን ዝጸንሓትና ተጋዳሊት ፍረወይኒ ተኽላይ እያ። በዓልም ንምድማቕ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ክሸባሸቡ ከም ዝቐጸሉን ብልዕን ማስተን ብምድላው ጸምብል ናጽነቶም የኽብሩ ከም ዘለዉን ገሊጻትልና። ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተጻብኦታት መኪቱ ሰላሙ ኣብ ዘረጋገጸሉ ዓመት ይጽምበል ብምህላዉ ፍሉይነት ከም ዘለዎ እውን ገሊጻ።

ከም'ዚ ዝኣመሰለ ህዝባዊ ምትእኽኻባት፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ መለሱ ከም ዘለዎ ዝገለጸት ተጋዳሊት ፍረወይኒ፡ ታሪኽናን ክብርታትናን ተዓቂቦም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንኽሰጋገሩ ዓቢ እጃም ከም ዘለዎ ኣስሚራትሉ። "ናጽነት ትንፋስ'ያ" ክትብል ትርጉም ናጽነት ዘጸረት ተ/ጋ ፍረወይኒ፡ "ኣብ ምምጻእ ናጽነት ይኹን ኣብ ምውሓስ ልኣላውነት ህይወት ኣሽሓት ደቂ'ዛ ሃገር ስለእተኸፍለ፡ መዓልቲ ናጽነትና ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ ምዕቃብን ምሕብሓብን መብጽዓና እነሐድሰላ ዕለት እያ" ክትብል ተገንዚባ።

ኣቶ ተስፋሂወት ገብረትንሳኤ ብወገኑ፡ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ክኸብርን መሰሉ ክሕሎን ዝገበረት መዓልቲ ከም ምዃና መጠን፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ፍሉይ ቦታ ከም ዘለዋ ገሊጹ። "ናጽነት ኤርትራ፡ ብረዚን መስዋእቲን ከቢድ ሰንክልናን ዝተረጋገጸ ደኣ'ምበር፡ ብትካቦ ዝመጽኣት ኣይኮነትን። ኣሰር እቲ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል መስዋእቲ ድማ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ ኣሎ" ኢሉ ኣቶ ተስፋሂወት።

ኤርትራ ንምምብርካኽ ኩሉ ዓይነት ብደሆታት ከም እተፈተነ ብምዝካር ድማ፡ ህዝቢን መንግስቲን እዛ ሃገር ሳላ ጽንዓቶም ዝመከቱ ግና - ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ተበጺሑ ከም ዘሎ ሓቢሩ። "ደነ ጸልማት ቀንጢጦም ኩለን ብሄራትና ኣብ መኣዲ ሰላም ከበብን ብፍቕርን ስኒትን ንኽነብራ ዘበቕዑ ሰማእታትና ክብሪ ይኹኖም" ክብል ድማ ዘረባኡ ይድምድም።

ወ/ሮ ሓያት ያሲን - ነርቲ እቲ ከቢ. በዓል ናጽነቶም ኣብ'ቲ ኣብኣት ሓይልታት ምክልኻል ዝርከቡ ምምሕዳር ከቢ. ሓዝሓዝ - ቦርቦሬ ከኽብሩ ምምራጾም ሓበን ከም ዝተሰምዖ ገሊጹ።

ኣብ ኮማዊ ዳሳት ዝቐየድ ጸምብላት ኪ.ንጾ ምዝንጋዕ ዝሰደድ ረዚን መልእኽቲ ዝሓቀፍ፡ ኤርትራ ናጽነታ ንምርካብ ዝሓለፈቶ ናይ 30 ዓመታት ጸንክር ዕጥቃዊ ቃልሲን ዝኸፈለቶ ዋጋን ዘየኻኽር ምዃኑ ድማ ኣገንዚቡ።

ብፍላይ ህጻናት ንከም'ዚ ዝኣመሰለ ምትእኽኻብ ብሃንቀውታ ከም ዝጽበይዎ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሓያት፡ ህጻናት ብባህሊን ስነ-ምግባርን ተኸቲሎም እንተደኣ ዓብዮም፡ ኩርዓት ህዝቦምን ሃገሮምን ከም ዝኾኑ ኣስሚራትሉ። በዚ ድማ፡ ኣብ ወሸጢን ኣብ ደገን ዝቕየድ - ናብ መንእሰያት ወለዶ ዝቐንዐ ኣብ ምትሕልላፍን ምሕብሓብን ኤርትራዊ ክብርታት ዘለዎ ገደዓት ዝያዳ ክሕይል ኣተሓሳሲባ።

ናጽነት፡ ሕሰምን ውርደትን ቀንጢጣ ግርማን ሞገስን ኣልቢሳትና። ወጽኢት ቃልስናን መስዋእትናን፡ ወጽኢት መኸተናን ጽንዓትናን ብምዃና ከኣ - ወትሩ ኣብ ልብና ተዘኪራ እትነብር ዘይትዝበርስ ሓወልቲ እያ።

ብርግጽ ናጽነት ማለት - መቐነት መግዛእቲ ብምስባር፡ ካብ ፍርሒን ሽቕረራን ናጻ ኮይንካ ምንባር ማለት እዩ። ደም ኣሽሓት ጀጋኑና ዝፈሰሰሉ ናጽነትና ክብርቲ ዕለት እያ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ሓድነቱ ዘይትንከፍ ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናጽነት ብፍቕርን ስኒትን ክቡር ዝነበረት ዕለት።

ናብ ምምሕዳር ከቢ. መካ ገኒት - ፓራዲዞ እውን ተንቀሳቒስና ነይርና። እታ ምምሕዳር ከቢ. ብዘመሳሰለ፡ ረቡዕ 22 ግንቦት ዝተፈላለየ ሽሻይ ኣዳልያ እያ - መደብት ኮማዊ ዳሳ ብዘኽረ ሰማእታት ከፊታቶ። ኣብ'ቲ ብጭርሖታትን ባንዴራን ዝወቀበ ኣዳራሽ ተወዛዊዞምን ሓጎስን ናይ ኣሳስይትን ዕዱማትን ከም'ውን ንኹለን ብሄራትና ዝወክሉ ኣልባሳት ዝተኸድኑ ህጻናት ትዕዘቡ። ናጽነት ኣብ ምምጻእ ዓቢ ግደ ዝበኸሩ፡ ትርጉም ናጽነት ብተሞኩሮ ዝፈልጥዎ፡ እቶም ንዓብ ናጽነት ንኽስተማቕሩ ዝተዓደሉ ናይ ሎሚ ወለዶ - ብሓባር ዝምጥወልካ ፍሽኽታ ብርግጽ ባህታ ዝፈጥር እዩ።

መራሒ መደብ ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከቢ. መካ ገኒት ኣቶ የሴፍ ገረዝጊሄር፡ ብዋጋ ማስዋእትን ሰንክልናን ኣሽሓት ጀጋኑ ዝተረኽበ ናጽነት፡ ኻ ሕጂውን ሕድሪ ኤርትራን ህዝባን ብዘይሰኽሙ ወረስትን ተሰኪምቲ ሕድሪ ዋርሳይ ይክኣሎን ንምሕላዉ - ኣብ ሓያል ናይ ምርብራብን መኸተን መድረኽ ከም እንርከብ ገሊጹ።

ብመሪር ቃልሲ፡ ሓያል ገድልን ማስዋእትን ዝረኸብናዮ ናጽነትን ሓርነትን፡ ብመኸተ ዘውሓስናዮ ሰላምን - ድቃስ ዝኸልኣም ሰለም ዘይብሉ ታሪኻውያን ጸላእቲ ከም ዘለዉና ኣዘኻኺሩ። ሕጂ እውን ሰላምና ብመኸተ ንምውሓስ፡ ሓያልን ልምዕትን ብልጽግትን ኤርትራ ንምህናጽ ከም ወትሩ ነፍሲወከፍና እጃምና ከበርክት ድማ ተላቢዩ።

ተጋዳሊት በኺታ ነስረዲን መሓመድዓሊ ድማ፡ ኣብ'ቲ መሪር ዝኾነ ገድሊ ንናጽነት እጃማ ከበርክት ብምኽኣላ ሕበንቲ ከም ዝኾነት ብምሕባር፡ ክሳብ ሕጂ ብህይወት ጺሒላ ዘለ ጽብብል እዚ ከተብዕል ዕድል ብምርካብ ክብሪ ከም ዝሰምዓ ገሊጻ።

ናጽነት ካብ ምምጻኣ ምዕቃብ ስለዝኸበደ፡ እዚ ናይ ሕጂ ወለዶ - ከም ብደም ጀጋኑ ተጋሪዳ ዘላ ናጽነት፡ ኣሰር ኣያታቶም ሰዒቦም ካብ ተጻብኦቲ ክሕልውዋ ተላብዩ። በቲ ኣጋጣሚ ንኹሉ ኣብ ምክልኻል ሃገር ዝርከብ ሰራዊት፡ ብሓፈሻ ከኣ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ'ዛ ከም ሱብ ምንባርና ዝተጋህደላ ዕለተ-ናጽነት ኣብቅዓና ክትብል ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ።

ኑቲ ዕለት ንምድማቕ ኣብ'ቲ ኣደራሽ ላዕልን ታሕትን ክብል ዝጸንሓና ተ/ጋ ጸሃየ ቀለታ ብወገኑ፡ እዛ ብደም ጀጋኑ ዝመጽኣት ናጽነት፡ ንተጋደልትን ዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ዝኾነ ዋርሳይን ዘተኣሳሰረት ድንድል ምዃና ኣብሪሁ። ሃገርና ብዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ብዙሓት እናማዛን ዘቓምታ ሃገራት፡ ባህርያዊ ጸጋታት ሃገርና ንምውናን ካብ ምንባዎቕ ስለዘየዕረፋ፡ እዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ኑታ ዝተረኸበ ናጽነት ብዓቕሊን ትዕግስትን ክዕቅባ ኣዘኻኺሩ።

መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ፡ ኣመጻጽኣን ትርጉምን ናጽነት ብዓቢኡ ዝፈልጥ ስለዝኾነ፡ ንምዕቃብ ሰበዋ ዘጽድልዮ ንቕሒ ወለዶ ምዃኑ ግዳ ኣስሚሩሉ። እዚ ከኣ፡ ብዘሎ፡ ብተግባርቲ ታሪኽን ሚኒስትሪ ዜናን ሓቢሮም ብዘካይድዎ ዘለዉ ናይ ምውርራስ ተሞኩሮ ገስጋሳት ዝዘቢጹሓ ንቕሓት ስለዝኾነ፡ ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽል እውን ተላብዩ።



ተጋ/ ጸሃየ ቀለታ



ኣቶ ተስፋሂወት ገብረትንሳኤ



ተጋ/ት በኺታ ነስረዲን

ተ/ጋ ጸሃየ ኣብ መልእኽቱ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ዝቐየድ ኮማዊ ዳሳትን እንግዶቱን - ምብኡ ምስታይን ምሕጓስን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክሳዕ ክንደይ ስሙርን ጥሙርን ምዃኑ ብሓደ ወገኑ ሕድሪ ሰማእታቱ ኣብ ምኽባር ልዕሊ ማንም ዝሰርሕ ጉዳይ ከም ዝኾነ ድማ በቲ ካልእ - ዘጸርር ምትእኻብ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ንሕና ኤርትራውያን ዓመት ዓመት ኑቲ ብረዚን መስዋእቲ ዝረኸብናዮ ናጽነትና ብዝተፈላለየ መደባት ክንጽምብሎ ጺሒሕናን ኣለና። ናይ ሎሚ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነትና ድማ - ዓሚቕ ትርጉም ብዝሓዘለ ቴማ ምስ ልዑል ሃገራዊ ወኒ ኣብ ምጽንባሉ ንርከብ። እዚ ንሓለዋ ናጽነትናን ንምዕባለ ሃገርናን ዝዓዳ ሓላፍነታውያን ክንኸውን ዘዝኻኽረና እዩ።

ዛ ህያብ ስውኣትና ዝኾነት ሃገር ናይ ምብልጻግ ሓላፍነት። ስለዝኾነ፡ ብሕልፊ መንእሰይ ወለዶ - ዝጸንሐ ክቡር ባህሊን ክብርታትን ብዙበርዝ ዓውለማውነት ከይተጠቕዐ ሕድሪ ኣሕዋቱ ኣያታቱን ወለዱን ክትግበር ይግባእ።


**ርሑስ በዓል ናጽነት!!**



# ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ኣካል መኸተና እዩ!

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ዘለናዮ ቅንያት፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሓደ ሰድራ፡ ብሓደ ልቢ ኣብ ሓደ መኣዲ ተኣኪቡ፡ ዝሕጎሰሉን ናጽነቱ ዘስተማቕረሉን ግዜ እዩ።



ኮ/ል ረዘነ ተስፋይ

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት እነካይዶ ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ድማ፡ ሓደ መድረኽ ናይ'ቲ ሓድነትናን ጽንዓትናን እነማስክረሉ፡ ከም'ቲ ሓቢርና ተቓሊስና ናጽነት ዘምጻእናን ልኡላውነት ሃገር ዘኽበርናን፡ ኣብ'ዚ መድረኽ መኸተን ጉዕዞ ልምዓትን ድማ ኢድን ጓንትን ኰይንና፡ ብሓደ ህርመት ከም እንንጎዓዝ ማሕላና እነሐድሰሉ ስለዝኾነ፡ ናይ ብልዕን ማስተን ምዝንጋዕን ኣጋጣሚ ጥራይ ኣይኮነን። ቀጺልና እምበኣር፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት ንኡሳን ዞባታት ገጀረት፡ ሰምበልን ገዛ ጥንዳን በጺሕና፡ ነበርቲ ናይ ዘኻየድዎ ጽምብልን መግለጺ ሓጎሶምን ዳህሲስና ኣለና - ሰናይ ንባብ፦

ጉዕዝና ብንኡስ ዞባ ገጀረት ኢና ጀሚርና። ፈለማ ከኣ ናብ'ቲ ብጭርሖታትን ጥንዴራታትን ብጸቡቕ ተሰሊሙ ዝጸንሓና ኣብ ውሽጢ ማሕበረ-ኮም ኣልጌን ዝተሰርሐ ዳስ ኣቲና። ግሩም ኣልባሳት ዝተኸደኑ ኣደታትን ኣቦታትን ብሓባር ምስ ኮሚቴ ናይ'ቲ በዓል፡ ኣጋይሽም ክቕበሉ ጸኒሖሙና። ሃገርጋር ዝበል ኮማዊ ዳስ ማሕበረ-ኮም ኣልጌን፡ ሰዓት 11፡00 ቅ.ቐ እዩ ንህጻናትን ተመሃሮን ናይ ምሳሕ እንግዶት ብምሃብ መደቡ ፈሊሙ። ህጻናትን ተመሃሮን ተመጊቦም ምስ ወድኡ ከኣ ናይ ዓበይትን መንእሰያትን መደብ ምሳሕ ተጀሚሩ። ከምኡ እናበለ ከኣ ናብ'ቲ ናይ ጸወታን ምዝንጋዕን መደብ ተኣትዩ። ነቲ ዕለት ዝምልከት ዝቐረበ መግለጺ'ውን ተነቢቡ።

ኮሎኔል ረዘነ ተስፋይ፡ ኣቦመንበር ማሕበረ-ኮም ኣልጌን እዩ። ንቲ ሰፊሕ ምድላዋት ብምግባር ዝዳለወ ጽምብል ኮማዊ ዳስ ኣመልኪቱ ክገልጽ ከሎ ድማ ከምዚ ይብል - "ዚ መዓልቲ ናጽነት፡ ኮማዊ ዳስ ሰሪሕና ብዘዮሮእ ንምሕላፉ፡ ዘድሊ ሕሩድን ኩሉ ዓይነት ማስተን ኢና ኣዳሊና። እንሆ ከኣ ኩልና ነበርቲ ናይ'ዚ ማሕበረ-ኮም፡ ዓቢና ንእሽቶና፡ ኣብ ሓደ ዳስ ተኣኪብና፡ ብሕጉስ መንፈስን ደስታን እናተዘናጋዕና ንሕልፎ ኣለና። እዚ ከኣ ሳላ ዘይሕለል ጻዕርን ተወፋይነትን ናይ'ቶም ውሩያት ንምምዕራግ ብቕንያቱ ተዓጢቖም ዝሰርሑ ኣደታት፡ ኣቦታትን መንእሰያትን ናይ'ዚ ማሕበረ-ኮም ዝተበጽሐ እዩ። ህዝቢ ከኣ ሰዓቱ ሓልዩ ምስ ደቁን ደቂ-ደቁን እናመጸአ ይምዝበን ይጻወትን ኣሎ። ካብ'ዚ በዓል ናጽነት ዝዓቢ፡ ንመንፈስካን ኣእምሮኻን ፍሉይ ሓጎስን ባህታን ዝፈጥር ኣጋጣሚ ስለ ዘየለ ከኣ ንናጽነትና ሓቢርና ነስተማቕሮ ኣለና። እዚ ከኣ ነቲ ናጽነትና ኣብ ምምጻእ፡ ልኡላውነትና ኣብ ምኽባር፡ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝመጽኣና ተጻብኦታት ኣብ ምምካትን ከምኡ ድማ ኣብ'ዚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ኣብ ምዕቃብን ክንክዶ ዝጸናሕና ጉዕዞ መኸተን ጽንዓትን ልምዓትን ናብ ዝመጽእ ወለዶ ከሰጋግሩሉ ዘኽእለና ኣጋጣሚ ስለ ዝኾኑ፡ ኮማዊ ዳሳት ዓቢ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ኤርትራዊ ምትእኽኻብ እዩ። ብዓበኡ'ውን ኣካል ናይ'ቲ እነካይዶ ዘለና መኸተ እዩ። በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ'ውን ውጽኢት ናይ'ቲ ዘቐደድናዮ ቃልስን መኸተን ክንርእየሉ በቒዕና ዘለና ስለ ዝኾነ ኣዚና ሕጉሳት ኢና።"

ቀጺልና ናብ ንኡስ ዞባ ሰምበል ኢና ኣምሪሕና። ብጉጅለታት ዝተጠርነፉ ናጻ ዝወጻእናሉ፡ ኣብ ዓለም ከም ህዝብን ሃገርን ህላወናን መሰልናን ብቕልጽምና ዘረጋገጽናሉ፡ ንኤርትራ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ክብሪ ቦታኣ ዘብጻሕናላ ዕለት ስለ ዝኾነት፡ ፍልይቲ መዓልቲ ምዃና ይገልጽ።

መም/ ኣይነኣለም ኣስፈሃ፡ "እዛ ፍልይቲ መዓልቲ፡ ዘድሊ እኽሊ ማይ ማለት፡ ቀይሕን ጻዕዳን ጸብሒ፡ ከምኡ'ውን ስዋ፡ ዓሰርን ኣባዕከን ኣዳሊና፡ ኣብ ሓደ መኣድን ኣብ ሓደ ዳስን ብሓደ ልቢ ንሕጎሰን ንዛናጋዕን ኣለና። ነዛ 30 ዓመታት ተቓሊስና ረኺብናያ ዝረኸብናላ መግለጺ ሰብኣዊ ክብረትና ዝኾነት መዓልቲ ናጽነት፡ ብኽምዚ ድሙቕን ስሙርን መንፈስ ከነብዕላ ከለና፡ ንደቅናን ደቂ ደቅናን ታሪኽና እናወረስና ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍና ንዘልኣለም ተወቒራ ትነብር" ክብል ሓጎሱ ገሊጹልና።

ኣስዒብ ኣቢልና ዝተወከስናያ ተቐማጢት ሰምበል ወ/ሮ ጉኡት ቀሺ ሰለሙን እያ። ንሳ "ሎሚ መዓልቲ ብኽብሪ እንዝክራ፡ ክቡር ዋጋ ድማ ዝኸፈልናላ ሪዚን ምስጢር ዘለዋ ዓባይ መዓልቲ'ያ። ብሰም'ዛ ሪዚን ዝኾነት፡ ነዛ ዕለት፡ በቲ ሓደ ወገን እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ እናዘከርና፡ በቲ ሓደ ድማ እቲ ዘሎ ራህዋን ሰላምን እናስተማቕርና ክንዕቅባ ይግበኣና" ክትብል ሓሳባ ኣካፊላ። ወ/ሮ ጉኡት ኣስዒባ፡ ሰውራ ኤርትራ 'ኣነ ክጠምየ ንሸኻ ብላዕ፡' 'ኣነ ክዓርቕ ንሸኻ ተኸደን፡' 'ኣነ ክጸምእ ንሸኻ ስተ፡' 'ኣነ ክስዋእ ንሸኻ ጽናሕ' ዝበል ጽኑዕ መትከልን ክብርታትን ሒዙ ሳላ ዝተቓለሰ፡ ንኹሎም ተጻባኢቲ ሓይልታት ዓለም ሰዒሩ ክዕወት ከም ዝኸኣለ ጠቒሳ፡ ሕጂ'ውን ፍቕሪ ምስጢር ኩሉ ሓይልን ዓወትን ካብ ኮነ ንሓድነትና ብፍቕሪ ንሰላምና ድማ ብመኸተ ውሒስ ምግባር ቀዳማይ ዕማምና ክኸውን ተላቢያ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጉዕዝና ናብ ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ እዩ ኰይኑ። ተቐማጢ ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፈላንድ ሚሽዮን፡ ኣብ ጉደና እምባ መስቀል ጋራጅን ኣብ ቤት ትምህርቲ ልምዓትን ኣብ ሰለስተ ቦታታት ኮማዊ ዳሳት ሰሪሖም ንበዓል ናጽነቶም ሕሩድ ኣዳልዮም ምስ ደቆን ደቂ ደቆን ክቕደሱን ክዘናጋዑን ወዓሉ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ፈላንድ ሚሽዮን ሰላም ብመኸተ ዝበል ጭርሖና ዝገልጽ እዩ። ሰላምና ብመኸተና ዝውሓስ ክሳብ ዝኾነ ከኣ ከምዚ



ወ/ሮ ሶሚራ ፋሲል

ኢልና ብሓደ ልብን ብሓደ ቅኒትን ክንጎዓዝ ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ናጽነት እተሰኽመና ዘላ ሕድሪ እዩ" ኢላትና። ንሳ ኣስዒባ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ናይ ግዳም ደገፍ፡ ናጽነቱ ብቕልጽሙ ከም ዘረጋገጸ ብቕልጽሙ ይምከት ከም ዘሎ'ን ዘንጸባርቕ ናብ መንእሰያትን ህጻናትን ዝቐንዐ ግጥሚታት፡ ተዋስኦታት፡





ነባሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ድማ፡ ብኣባላት ኮሚቴ ናይ'ቲ በዓል እናተመርሑ ኣብ'ቲ ዝተዳለወሉ ኮማዊ ዳሳት ምስ ደቆን ደቂ ደቆን ብሕጉስ መንፈስን ደስታን ክቕደሱን ክዘናግዑን ጸኒሖሙና። መም/ ኣይነኣለም ኣብርሃም ተቐማጢ ንኡስ ዞባ ሰምበልን ኣወሃሃዲ ኮሚቴ ዳስ ዒላ ጎሎምን እዩ። ንሱ፡ ናጽነትና፡ ካብ ተኸታታሊ መግዛእትን ግፍዕን ዕለት፡ ኩልና ኤርትራውያን ሓንቲ ማንነት፡ ሓንቲ መኸሰብ፡ ሓንቲ መኣድና፡ ሓንቲ ድማ ዳስና ኰይንና፡ ምስ ተረኽቡቲ ሕድሪ ደቅና ብሓደ እናተቓደስና ክንዛናጋዕን ክንሕጎስን ከለና ድማ ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስን ባህታን ፈጢሩለይ ኣሎ። እንተኾነ ናጽነት ኤርትራ፡ ሂወት ኣሸሓት ጀጋኑ ተኸፊሉዋ ዝመጽኣት ስለ ኣብ ዝበጽሕናሉ፡ ህዝቢ ኣብ'ቲ ዓቢ ኣዳራሽ ሂር ክብልን ክሕጎስን'ዩ ጸኒሑና። ነቲ ዝበረ ሰሚዒትካ ዘወናውን ሃዋህው ኣብዓላ ናጽነት ክትገልጸልና ድማ ንወ/ሮ ሶሚራ ፋሲል ኢና ተወኪስናያ። ወ/ሮ ሶሚራ፡ "ከምዚ ትዕዘቦ ዘለኻ ህዝቢ ንናጽነቱ ተሓቚፉ ብሰላምን ብፍስሃን'ዩ ዘብዕሎ ዘሎ። እዚ ከኣ ነቲ ውሕስነት ሰውራዊ መዛሙራትን ካልእን ኣካል ናይ'ቲ መደባት ከም ዝነበሩ'ውን ሓቢራትና። ወ/ሮ ሶሚራ ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጸቡቕ ገይሩ ትርጉም ናጽነት ዝርዳእን ንናጽነቱ ልዕሊ ማንም ዘስተማቕርን ስለዝኾነ ሕጂ'ውን ንናጽነቱን ሰላሙን ዝጻብኡ ወገናት፡ ብንቕሓትን ጽንዓትን ክምክቶም ኣዘኻኺራ።





ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጽውጽዋይ
# ብጻዕርኻ ምንባር...

### መበል ዓሰርተ ኣርባዕተ ክፋል

ዓሰርቲኦም ኣጕብዝ ኣህባይ ቀው ኢሎም ጠመትዎ። ብዘይካ ኣዒንቶም ዝንቀሳቐስ ኣካሎም ኣይነበረን።

ሓለቓ ታቶ፡ ዝተረድእዎ ኣይመሰሎን። ስለዝኾነ ድማ፡

"እዚ ዝበልኩኹም ተረዲእኩምዶ? መን ኣሎ እዛ ክብላ ዝጸናሕኩ ዝገልጸለይ?" ንኹሎም ድሕሪ ምጥማት፡ "እስከ ንስኻ፡" ናብ ሓደ ካብኦም ኣህባይ ኣመልከተ።

እቲ ህበይ፡ ሰንበድ ብምባል፡ "ኣነ፡" ብምባል ሓተተ።

ሓለቓ ታቶ፡ "እወ ንስኻ፡" ንእኡ ምዃኑ ኣረጋገጸሉ።

እቲ ህበይ፡ "ሕራይ ከምዚ ክትብለና ዝጸናሕካ፡ ክልተ ኣህባይ ድሕሪ ዳዉ ክኾኑ። ካብዞም ክልተ ብሸነኽ የማንን ጸጋምን ርሑቕ ኢሎም ሓሓደ ይህልዉ። እዚኦም መልእኽተኛ ይበሃሉ። ካብዞም ንኽበይኖም ዘለዉዎ ከኣ ካብኦም ርሒቖም ሰለስተ ይህልዉ። እቶም ክልተ ንዳዉ ዝከታተሉ ዝኾኑ መግቢ እንተተደርብዩዎ ናብቲ እታ መኪና እትኸደሉ ኣንፈት ብምኻድ ኑቲ ንበይኑ ዘሎ 'መግቢ ሂቦም' ይብልዎ። ንሱ ድማ እንገየየ ናብቶም ሰለስተ ብምኻድ 'መግቢ ሂቦም' ብምባል መልእኽቱ የመሓላልፍ። እቶም ሰለስተ ድማ ናብ ጽርግያ ብምኻድ ብኣእማን ጽርግያ ይዓጽዉ። ንኣይ ከምዚኣ ተረዲኣትኒ ኣላ ክቡር ሓለቓ፡" ዝተረድኦ ኣሰፈሐ መብርሂ ሃበ።

"ጽቡቕ ብከምዚኣ ንኹልኻትኩም እንተተረዲእኩም ብሩህ ኣሎ ማለት እዩ። ብኸምዚኣ ኣገባብ ኩሉ ስራሕና ክንዓምም ኢና። ስለዚ ኩልኹም ተበገሱ። ኣነ ድማ እናዞርኩ ክከታተለኩም እየ። ነናብ ምድብኩም ተበገሱ። ዝኾነ ሓድሽ ነገር እንተኣጋጢፍኩም ብቕልጡፍ ሓብሩ። ሃየ ሕጂ ነናብ ቦታኹም፡" ሓለቓ ታቶ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ተበገሰ።



እቶም ዓሰርተ ኣህባይ ነናብ ዝተመደቦም ቦታ ፋሕ በሉ። ካብ ዝተኣከብሉ ቦታ እታ ዝቐረበ ርሕቀት ዝነበራ እታ ዳዉ ዘውዕለላ ቦታ እያ።

እቶም ንዳዉ ክከታተሉ ዝተመደቡ ከባቢኦም ብጥንቃቐ እንፈተሹ ኣብቲ ከባቢ በጽሑ። ዳዉ ከይህሉ ኑቲ ከባቢ ተጠንቂቖም ፈተሹ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ቦታ ዳዉ ኣይነበረን። ክልቲኦም ተረዳዲኦም ድማ ኣብ ከውሊ ኮይኖም ክከታተልዎ ጀመሩ።

እቶም ካልኦት'ዉን ኣኣብ ቦታኦም ብቕልጡፍ በጺሖም፡ ምክትታል ጀመሩ። ንኣቶም'ውን ህበይ ኣይረኣዩን። ብጥንቃቐ ድማ ከባቢኦም ክቈጻጸሩ ጀመሩ።

ሓለቓ ታቶ፡ ነፍሲ ወከፎም ጕጅለ በቦታኦም ምስ ሓዘ፡ ዘለውዎ ቦታ ከመይ ከም ዘሎ ክረጋግጽ ንኹሎም በጽሖም። ከም ትጽቢቱ ብግቡእ ክከታተሉ ጸንሕዎ። ብስርሖም ቀሲኑ ድማ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮይኑ ምክትታሉ ፈለመ።

ከባቢ ሓደ ሰዓት ምስ ተኸታተሉ፡ ህበይ ዳዉ ቀባሕባሕ እናበለ ናብታ ልምድቲ ቦታኣ ቀረበ። ብሓጐስ ተመሊኡ እናፋጻየ ይመጽእ ነበረ።

እቶም ንዳዉ ዝኸታተሉ ዝነበሩ ኣህባይ ድምጺ ፋጻ ሰምዑ። ኣብቲ ዝነበርዎ ልሕግ ኢሎም ከባቢኦም ተኸታተሉ። ብማዕዶ ንህበይ ዳዉ ናብኦም ገጹ ክቐርብ ርኣይዎ።

ህበይ ዳዉ፡ እናነጠረ ብጐድኒ እቶም ክልተ ኣህባይ ሓለፈ። ኣብ ወሰን'ቲ ጽርግያ በጺሑ የማነ ጸጋሙ ቀልባሕባሕ በለ።

እቶም ክልተ ኣህባይ ብድሕሪ ዳዉ ኣብ ዝነበረት ንእሽቶ ኩጀት ተሓቢኦም ክከታተልዎ ጀመሩ።

ህበይ ዳዉ፡ ሓንቲ ንእሽቶ መኪና ብሸነኽ የማኑ ክትመጽእ ርእዩ ናብ ጽርግያ ቀረበ። መኪና ምስርኣየ ብሓጐስ ተመልአ።

እታ መኪና ብናህሪ ኣብ ጥቓኡ በጽሐት።

ህበይ ዳዉ፡ ኣብ ደንደስ ጽርግያ በጺሑ ገለ እንተደርበዩ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ተጸበየ።

እታ መኪና፡ ንእሽቶ ናይ ገዛ መኪና ኮይና ሓደ ሰብ ጥራይ ጸዒና ነበረት። እቲ መራሒ መኪና ንህበይ ዳዉ ከይተገደሰሉ መገዱ ቀጸለ። ንህበይ ዳዉ ቀሊሕ ኢሉ ከማን ኣይረኣዮን።

ህበይ ዳዉ፡ ንገለ ዓሰርተ ሜትሮ ዝኸውን ደድሕሪኣ ጐየየ። እቲ መራሒ መኪና ዋላ ሓንቲ ከይደርበየ ተመርቀፈ።

ህበይ ዳዉ፡ ብሕርቃን፡ "ጥሙይ ገለ ዝብላዕ የብሉን ማለት ድዩ!? ጥሙይ ሰብ ጸላእኩ። ጥሙይ ወ ጥሙይ፡" ብሕርቃን ኣንጸርጸረ።

ይቕጽል

## ጽምብል ናጽነት ኣብ ጎደና ሓርነት

ፍትዋት ተማሃሮ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነትና ድሮ 24 ግንቦት ኣብ ጎደና ሓርነት ተዛዊርና ነይርና። ጎደና ሓርነት ብመብራህቲ ወቒባ ንኽትርኢያን ክትዛወረላን ባህ እትብል ጎደና ኮይና ነበረት። ኣብዚ ጎደና ተማሃሮ ብሓጐስ ኔው ነጀው ክብሉ ይርኣዩ። ንሕና ድማ ገለ ካብዞም ተማሃሮ ረኺብና ኣዕሊልና ኔርና። ዕላሎም ይቕጽል ሰናይ ንባብ!!

**ምስ ኑበስኺ ክተላልዩና?**

ስመይ መርዋን መሓመድ ሱሌማን እበሃል። ዕድመይ 8፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢራፋይለ ካልኣይ ክፍሊ እመሃር።

**ኣብዚ ጎደና እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም?**

ብምኽንያት 24 ግንቦት ምስ ስድራይ ክንዛወር



መጺእና።

**24 ግንቦት እንታይ ኣሎ?**

24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ እያ።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ?**

ናጽነት ድኣ ምስ ስድራቤትካ ኴንካ ምሕጓስ ማለት እዩ። ናጽነት ሓጐስ ማለት እዩ።

**ንናጽነት በዓል መን ኣምጺኦማ?**

እቶም ዝተሰውኡ ተጋደልቲ ንሰም ኣምጺኦማ።

**ብምኽንያት 24 ግንቦት ሰላም እትብልዮም?**

ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ። ንኹሎም እቶም ዝተሰውኡ ድማ ሰላም እብሎም።

* * *

**ምስ ኑበስኻ ክተላልየና?**

ስመይ ደንደን ንጉስ ጉብረሂወት እበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ ሰላም ተማሃራይ ሳልሳይ ክፍሊ እየ።



**ደንደን እንታይ ማለት እዩ?**

ሓደ መጸውዒ ስመይ እዩ። ካልኣይ ድማ ኣብ ናቕፋ ደንደን ዝበሃል ታሪኻዊ ቦታ እዩ።

**ኣብዚ ጎደና ምስ መን መጺእካ?**

ምስ ባባን ማማን ኣሕዋተይን መጺአ።

**እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም?**

ናይ ዕስራን ኣርባዕተን ግንቦት ክንዛወር።

**ኣብ ዕስራን ኣርባዕተን ግንቦት እንታይ ኣሎ?**

ኤርትራ ሃገርና ናጽነት ዝረኸበትሉ ዕለት እዩ።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ?**

ከም ድላይካ ናጻ ኴንካ ምንባር ማለት እዩ።

**ናጽነት ብኸመይ ንሕልዋ?**

ተማሂርና ብመሬት ብባሕሪ ብምድሪ ብኹላ ንሕልዋ።

**የቐንየልና!**

ገንዘበኩም። ኣነ ድማ የቐንየለይ!!

* * *

**ምስ ኑበስኺ ክተላልዩና?**

ስመይ ሜላሂር ቢንያም ተኸስተ እበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓድሽ ማይተመናይ ተማሃሪት ሳልሳይ ክፍሊ እየ።

**ኣብ ጎደና ሓርነት እንታይ ትገብሩ ኣለኹም?**

ምስ ስድራቤተይ ናይ 24 ግንቦት እዛወር ኣለኹ።

**ኣብ 24 ግንቦት እንታይ ኣሎ?**

ናጽነት ኤርትራ ዝኾነሉ እዩ። ንሕና ድማ ሕጂ ምስ ስድራ ንዛወር ኣለና።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ?**

ናጽነት ማለት ምስ ስድራኻ እትዛወረሉ እዩ።

**ናጽነት መን ኣምጺእዋ?**

ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣቦ ሓጎታትና ኣምጺኦማ።

**ካበይ ኣምጺኦማ?**

ካብ በረኻ ምስ ወተሃደራት ጸላኢ ተዋጊኦም ኣምጺኦማ።

**ብምኽንያት ናጽነት ንተማሃሮ እንታይ**



**ትብልዮም?**

ንተማሃሮ ጽቡቕ ገርኩም ተዛወሩ። ናጽነት ጥዕምቲ ስለዝኾነት ከምዚ ናትና ኣስተማቕርዋ እብሎም።


**የቐንየልና!**

ገንዘበኩም ኣነ ድማ የቐንየለይ!!

## ጽምብል ናጽነት ቈልዑ፡ ብስእሊ ኣብ ጎደና ሓርነት







## ውሕስነት ሰላም ብመኽተ!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዶ/ር ካሕሳይ ብርሃ ብመንገዲ ወከሉ፡ ተጸዋዕቲ 1. ስልጣን ብርሃ 2. ኰ/ሰመረ ብርሃ 3. ኰ/ት ኢትዮጵያ ብርሃ 4. ኰ/ግርማይ ብርሃ (4.1 ሚለን ግርማይ ብርሃ 4.2 ወ/ት ሜሪያም ግርማይ ብርሃ 4.3 ዳኒኤል ግርማይ ብርሃ 4.4 ወይ/ት ሳሮን ግርማይ ብርሃ 4.5 ፋኑኤል ግርማይ ብርሃ ንናይ ምምሕዳር ንብረት ዝምልከት ጉዳይ ኣብ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቁ.47 ብኣካል ወይ ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 13/6/24 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኤልሳቤጥ ወልደሚካኤል ዓንደሚያም፡ ወላዲተይ ኣብረሃት ኣማን መብራህቱ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ቢንያም መኣዛ ጉብረ፡ ኣደይ ብርኽቲ ተድላ ሃይሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቦ በየነ ዘመን፡ በዓል ቤተይ ግርማይ ወረደ ኣብይ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ርበል ያቆብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤልያስ ማስመር፡ ኣብ መንጎ ከሳሲን ተኸሳስን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 3/6/24 ኣብ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ሳባ ተድላ ተከሉ፡ ወለድና ተድላ ተከሌ ዑቕባስላሴን ኣዜጋሽ ተስፋማርያም ተስፋጽዮንን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቶም ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናእማ ሚካኤል ፍስሃ ምባል ተሪፉ፡ ናእሚ ሚካኤል ሻለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ የሩሳሌም ጉብረልኣል ዑቕባይ፡ ብመንገዲ ጠበቃ ኣቢሉ ርሻን ካሕሳይ ብወሀብቶ ዝሃበትኒ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ የዘን ሰሚር መሓመድያምባል ተሪፉ፡ የዘን ሰሚር መሓመድሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወዘት ተስፋስላሴ ኪዳ፡ ስም ኣደይ ሉታይ ጉብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡ ሉተዋህድ ጉብረትንሳኤ ምስጥና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የማነ ኣሰፍሃ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሮማ ሃይለ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣርያም በረኸት ኣድሓኖም ምባል ተሪፉ፡ ኣርያም በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሩታ በረኸት ኣድሓኖም ምባል ተሪፉ፡ ሩታ በረኸትኣብ ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሌክሳንደር ኣማኒኤል፡ ኰ/ብርሽ መሓሪ ብውርሲ ዝረኸቦ መንበሪ ገዛ ኣብ ዞባ 7 ምም.17 ጎደና 4 ብናይ ሕጂ መጸውዒ ስሙ ምም/ን/ዞባ ኣፍሻውል፡ ኣብ ረጅስትራር ቤ/ፍርዲ ዞ/ማእከል ቀረባ ብመዝ/ቁ 110/2018 ብዕለት 01/03/2018 ዝበረትለይ ወሀብቶ ክጸድቀለይን ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይን ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰምሰም ዓንደ ሓደራ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ተስፋልደት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ካህሱን ታፈሰ ወንድሙ ምባል ተሪፉ፡ ካህሱን መብራህቱ ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ን/ዞ/በ/ጻዕዳክርስትያን

ህድኣት ተስፋማርያም ጦረጼን ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ዞሚካኤል ቀሺ ተስፍማርያም በየን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ብመንገዲ ወለዳ ኣቢሉ ምስጥና ዘወልዲ ምባል ተሪፉ፡ ምሲጋና ዘወልዲ ኢሳቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብመንገዲ ወለዳ ኣቢሉ ሰናና ዘወልዲ ኢሳቅ ምባል ተሪፉ፡ ሰላይት ዘወልዲ ኢሳቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

መሓሪ ተኽለይ ደባስ ምባል ተሪፉ፡ ማሕረ ተኽለይ ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቦ ሃብተም የውሃንስ፡ ስም ኣደ ናይ ኣቦይ ሃብተም የውሃንስ መሻሻ ምባል ተሪፉ፡ ሃብተም የውሃንስ መሻሻ ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ንግስቲ ተስፋጋብር ክፍለ ምባል ተሪፉ፡ ንግስቲ መሻሻ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዜን

ዛይድ መንግስትኣብ፡ በዓል ቤተይ ግርማይ መንደር ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ሳባ ገ/መድህን፡ ስም ኣደይ ሉተንክኤል ኣርኣያ ጉብረሊባኖስ ምባል ተሪፉ፡ ዘቢብ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለሞዊት ሃይለ ጉብረሚካኤል፡ ተኽለ ወልደጋብር ተመልሶ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናይ ዓቢይ፡ 3 ደቃ ተተካእቲ ከኣ 12 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ተሰፊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋማርያም ፍስሃ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ ዓብደላ የሱፍ ኣሕመድ፡ ስም ወላዲተይ ሃዋ ኣስማዒል ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ እስማዒል ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲ ሃሊቃ ልኡል ቀሺ ጉብረማስቀል፡ ተኸሳሲት ነጩ ንጉስ ብርሃ፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣመልካቲት ወ/ሮ ደሃብ ሃብተማርያም ሃይለ +4 ኣድራሻይ ኣብ ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ማይ ዓይኒ፡ ዚፕ ኮድ 1A714 ፕሎት 100 ፓርሰል 307 ኣብ ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 8052/2024 ስፍሓቱ 315.00 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛና ብምቕሊት ክነመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሃብ ሃብተማርያም ሃይለ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ዘውዲ መብራህቱን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ኣተውብርሃን ሃ/ስላሴ (መኣዛ ተኽለ +9)ን ዝተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነት መኪና ቁ/ሰሌዳ ኢ-ኣር-8-A-1486 ቁ/ቻሲ MROFR-22G8A0571003 ዝኾነት ቶዮታ ሃይሉክስ ዝዓይነታ ስርሓት ጃፓን ዝኾነት፡ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትርከብ ኮይና፡ ብስም ትካል ኣተውብርሃን ሓለፍቱ፡ ዝተወሰነ ብሕቲ ማሕበር ብሓራጅ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ትኹን ኢሉ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ እዛ ዝተጠቕሰት መኪና ብክኢላ ማበሰ ዋጋ ሓራጅ 580,000 (ሓሙሽተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለ ዘላ፡ ክውዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሐዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሐዙ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።
መኪና ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ሓሰን ጋራጅ ከባቢ ባር ቶሪኖ ከይዱ ክርኢ ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 24/6/24
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ኣነ ጸገ ሞገሳ ወልደሚካኤል ዝተበሃልኩ፡ እዚ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዞባ 3 ምም 08 ስፍሓት መሬት 164.82 ት/ሜ ስፍሓት ገዛ 16 ት/ሜ፡ ዓይነት ተራ ገዛ፡ ቀንዲ ክፍልታት 1 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 201037 መወከሲ ቁጽሪ 200770 ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ወላዲተይ ነ/ሄር ኣረጋሽ ወልዳይ ጉብረኪዳን፡ ካብ በ/ቤታ ነ/ሄር ሃሊቃ ገረዝጊሄር ጉብረመሲ ብውርሻ ናብ ስማ ዝተመሓላለፈ ናይ ወላዲተይ ነ/ሄር ኣረጋሽ ወልዳይ ጉብረኪዳን ወራሲት ኮይ፡ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ (ጋ/ሓ/ኤ/ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፈቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ጽ መኣገዲ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታዮን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀረበ፡ ሰሉዓተይ ኣቕረብ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ጸገ ሞገሳ ወልደሚካኤል


# ቀንዴል

1.ትምህርቲ መካኒክ
ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን ብኢንጅነሪን ዝተመረቑ

2.ኮምፒተር
3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ 121571/ 07207798/ 07325197

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ይ/በዘሊ. ኣቶ የሲያስ መሓሪ ኣርኣያን መ/ወዘ. ኣቶ የናስ ደበሳይ ወ/ማርያምን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ማሰረት ብምምባር፡ መ/ወዘ. ኣቶ የናስ ደበሳይ ወ/ማርያም ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጉበሩ ጉብረኪዳን ጉብረልኡል ከምኡ'ውን ጉብረመስቀት ምግል ተረፉ፡ ጉብረ ጉብረኪዳን ጉብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስላማዊት ወልደሚካኤል ተስፋዝጊ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሓዳስ ተስፋጽዮን ዓንደሃይማኖት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳራ ባዩረ ኣቦና ተጋ/ባዩረ ተስፋዝጊ ወልደጋብርን ስለዝተሰውኡ ኣዴና ኣብርሀት ደስታ ባህታ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳራ ባዩረ ተስፋዝጊ፡ ዓባይና ኣምለሰት ዘርኣጽዮን ስለዝዋረፈት፡ ንኣዴና ነ/ሄር ኣብርሀት ደስታ ባህታ ተኪእና 8 ደቃ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ይቕረብ።

ፍጹምብርሃን ነጋሽ ወረደ ምግል ተረፉ፡ ፍጹም ኣለም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ደማ ግምኛ ንገሰ ብኢዱ ምግል ተረፉ፡ ነገሰት ጉብረማርያም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ኢያሱ በረኸትኣብ ገሉ፡ ኣደይ ተብርህ ተስፋማርያም በይን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ተስፋኣለም ዓንደብርሃን ጉብረልኡል፡ ኣደይ ጸሃይቱ ባህታ ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣሌክስ ኤሊያስ ማስመር፡ ኣቦና ኤልያስ ማስመር በራኺ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣዜብ ሓጎስ ወልደጉብረኤል፡ በዓል ቤተይ መሓሪ ዑቕባሚካኤል ተስፉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰሚያሽ ተስፋይ መብራህቶም፡ በዓል ቤተይ ጊላዝጊ ሃይለ ዓንደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወደና ደማ ወራሲ ምዃኑ ደረጋግጸሉ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

1.ነጻት የውሃንስ ሓድጉ 2.ኤልሳ የውሃንስ ሓድጉ፡ ኣዴና ዘውዲ ኣስረሰሀይ በራኺ ስለዝዋረፈት፡ 4 ኣሕዋትና ስወኣት ስለዝኾኑ፡ ንሕና 2 ደቃ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበሉ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚኤል ተኽሉብርሃን ኣርኣያ፡ ኣቦና ተኽሉብርሃን ኣርኣያ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና፡ ንበዓልቲ ቤቱ ኣብርሀት ናይዝጊ ከኣ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሀት ጉብረእግዚኣብር ጉብረስላሴ፡ በዓል ቤተይ መም. ቀለታ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ብርሃ ተኽለሃይማኖት፡ በዓልቲ ቤተይ እርግኣለም ሀብቅያስ ቀለታ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰላማዊት ሓይራ ፍራንሶዋ፡ ሓብትና ዮዲት ሓይራ ፍራንሶዋ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተኽኣ ረዳ ኪዳኑ፡ በዓል ቤተይ መለስ ኣደባል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰላማዊት ኣረፋይነ ሃብተሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ሳሙኤል ጉብረማርያም ጉብረሂወት ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኮኾብ ጉብረማስቀል ጉብረንጉስ ምግል ተረፉ፡ ኮኾብ ጉብረንጉስ ጉብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዜብ ጉበሩ ተስፋይ ምግል ተረፉ፡ ሃና ጉበሩ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰዋረ ተከኤ ነጋሽ ምግል ተረፉ፡ ማሰረት ተከኤ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተወልደ ዑቕባጋብር ተስፋማርያም፡ በዓል ቤተይ መቛሾ ግርማጽዮን ተስፋዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወራስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተስፋማርያም ሃብቱ፡ ኣደይ ተኽኣ ደሱ ሓጎስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ 18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ጉብረኪዳን ጉብረስላሴ ኣረጋይ፡ ኣቦይ ጉብረስላሴ ኣረጋይን ኣደይ ዘውዲ ወልደገርግሽን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ጉብረኪዳን ወልደ ኣረጋይ ምግል ተረፉ፡ ጉብረኪዳን ጉብረስላሴ ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ነጋሲ ተስፋሚካኤል ሓየረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑመር መሓመድ ሰዒድ ዓሊኑር፡ ብዝሖገ ሰሌዳኣ ER-5830 ኦፔል ኣስትራ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ካብ ስም ተኸሳሲ ናብ ስመይ ክትሰጋገረለይ ዝበል ክሲ ኣቕሪበልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ራሕሲት የውሃንስ ሰዩም ምግል ተረፉ፡ ቤተለሄም የውሃንስ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳኒኤል መሓሪ ገርጃ ምግል ተረፉ፡ ናይዝጊ መሓሪ ገርጃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘርያስ የማነ ኣርኣያ፡ ኣቦና የማነ ኣርኣያ ተኽሉን ኣዴና ደርግኣለም ኪዳነ ብርሃነን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሊሞን መሓሪ ብርሃ ምግል ተረፉ፡ ቢንያም መሓሪ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓበን ሰለሙን ተስፋይ ምግል ተረፉ፡ እየሱስኣብ ሰለሙን ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤፍሬም መሓሪ ገርጃ ምግል ተረፉ፡ ሙሴእ መሓሪ ገርጃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃ ዑቕበ ዘሙይ ምግል ተረፉ፡ ኣብርሃለ ዑቕበ ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጺጋይ ደርጋኣለም ኣብራሃም ምግል ተረፉ፡ ዘመንፈስ ቅዱስ ደርጋኣለም ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊልሞን ጉብረማስቀል የዕበዮ ምግል ተረፉ፡ ሳምኤል ጉብረማስቀል የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤፍሬም ተስፋስላሴ ኣባይ ምግል ተረፉ፡ ናሆም ተስፋስላሴ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርከበ ዳዊት ተስፋስላሴ ምግል ተረፉ፡ ቅሳነት ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስራት በረኸት ወልዳይ ምግል ተረፉ፡ ሄርሜላ በረኸት ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዲቦራ በረኸት ወልዳይ ምግል ተረፉ፡ ሰደና በረኸት ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ኣብርሃ ዋስሁን ምራጭ፡ ኣደይ ንግስቲ ኣርኣያ ጉበሩ ስለዝዋረፈት፡ 4 ደቃ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ካሕሳይ ጉብረስላሴ ኣብርሃ፡ ኣቦይ ኣምሳሊቃ ጉብረስላሴ ኣብርሃ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ኣሕዋተይን ሰበይቲ ኣቦይን ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወራስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሳ ዑመር ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ሰዒዳ ሙሳ ኢብራሂም ምግል ተረፉ፡ ሰዕዲ ሙሳ ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ልኡላ ዑቕባሚካኤል ትኳቡ ናይ ስወእ በዓል ቤተይ በርሀ ወ/ስላሴ ገ/ማርያም፡ ወራሲት ስለዝኾንኩ፡ ብስሙ ተመዝጊቡ ዘሎ ልቸንሳ እንዳ ደኳን ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትሕተ፡ ዕድመ ወደይ ሰዩፈደን ሳልሕ ምግል ተረፉ፡ ኣደም ሳልሕ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ኣበደ ተኽለማርያም ምግል ተረፉ፡ ወለድ ኣበደ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደልጋሾም ዐሰማን እድሪስ ምግል ተረፉ፡ ጋሾም ዐሰማን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


**TESFALDET INFORMATION TECHNOLOGY**

SA. BUILDING NO.603/4
TEL. 07118907/113121
P.O.X 1084
ASMARA-ERITREA

**Vacancy Announcement**

**Tesfaldet Information Technology (TIT)** is looking for potential instructors in the following two courses,

- Management of Digital Marketing and E-Commerce
- Software Development (preferably Python), other languages are extra assets

**Qualification**

**B.A. Degree in**

- Computer Science or Computer Engineering

**Experience**

- 2 years of teaching experience in the field applied for
- At least 2 years of working experience in the field applied for

**General Information and Other Requirements**

- Salary: as per company salary scale
- Type of Contract: Indefinite
- Must have fulfilled his/her National Service
- Applicants must submit their CV and Credentials within 5 days of work from the date of announcement in person to Tesfaldet Information Technology,

**Tiravolo - Warsay Street - S.A. Building (AL Hashmi)**

**6th Floor. No. 603. Tel: 113121**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማን ሲቲ - ማን ዩናይትድ




ማንችስተራውያን ክለባት ማን ሲቲን ማን ዩናይትድን ንመበል 143 ዋንጫ ኤፍ.ኤ ካፕ ንምዕታር፡ ሎሚ ኣብ ስታድዩም ዌምብለይ ናይ ደርቢ ጸወታ ክካየዳ እየን።

እዘን ጋንታታት፡ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ተራኺበን ምንባረንን ሲቲ ካብ ናይ ቅድም ሓለቓኣ ኢልካይ ጎንዶጓን ብዝረኸበተን ክልተ ሸቶታት 2ብ1 ምዕዋታን ይዝከር።

ሎሚ፡ ነዚ ዝኸደመት ዋንጫ ናይ እንግሊዝ ንኻሙናይ ግዜኣ ንምዕታር እትቃለስ ሲቲ፡ ዓሚ ስሉሳዊ ዓወት (ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍ.ኤ ካፕን ሻምፕዮንስ ሊግን) ምኻናዳ ይዝከር። ሎሚ ዓመት፡ ወላ'ኳ ካብ ሻምፕዮን ሊግ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብሪያል ማድሪድ እንተተገለፈት፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ብምዕታራ ግን፡ ሞራል ሰፊቓ እያ ክትጻወት።

እዛ ንተኸታታሊ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ብምዕዋታ ክብረ-ወሰን ዝሓዘት ጋንታ፡ ሎሚ'ውን እንተተዓዊታ ክብረ-ወሰን ክትሕዝ እያ። ብተኸታታሊ ንኽልተ ዓመታት ንፕሪመር ሊግን ኤፍ.ኤ ካፕን ዝተዓወተት ናይ ፈለማ እንግሊዛዊት ክለብ ብምዃን።

ንሰለስተ ግዜ (ተኸታታሊ ኣይኮነን) ፕሪመር ሊግን ኤፍ.ኤ ካፕን ኣጣሚራ ዝተዓወተት ሳልሰይቲ ጋንታ'ውን ክትከውን እያ። ማን ዩናይትድ፡ ኣብ 1993-94፡ 1995-96 ከምኡ'ውን 1998-99፡ ኣርሰናል ከኣ ኣብ 1970-71፡ 1997-98ን 2001-02ን ንኽልቲኦን ዋንጫታት ኣልዒለናኦን ነይረን እየን።

ሲቲ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ሊግ ግጥማት፡ ኣብ ክልቲኡ ንዩናይትድ 3ብ0ን 3ብ1 ስዒራታ እያ። ሎሚ ክትዕወት'ውን ልዕሊ ግምት ተዋሂብዋ ኣሎ። እንተተዓዊታ ድሕሪ 1969-70 ንፈለማ ግዜ ኣከታቲላ ሰለስተ ግዜ ክትስዕራ እያ - ነዛ ጓል ከተማኣ ጋንታ።

ክብራ ንምምላስ እትቃለስ ዘላ ማን ዩናይትድ፡ ኣብዘ ዝተዛዘመት ወቕቲ ሻሙናይ ደረጃ ሒዛ ምውዳኣ ይዝከር - ኣብ ታሪኻ እቲ ዝተሓተ ናይ ሊግ ደረጃኣ። እዛ ዘይዕወት ግዜ ተሕልፍ ዘላ ክለብ፡ ንመበል 22 ግዜኣ እያ ናብ ፍጻመ እዚ ውድድር ብምብጻሓ፡ ብዝበዝሐ ክብረ-ወሰን ሒዛ ኣላ። ዝሓለፈ ዓመት ዝኸሰረታ ዋንጫ፡ ደጊማ ቡታ ቐንዲ መቐናቕንታ ርእሳ ከይተድጎን ድማ፡ ዓቢ ስራሕ ይጸብያ። ኣብ ጸቕጢ ዘሎ ዓሰልጣኣ ተን ሃግ ከኣ፡ ነዚ ጸዋእ ብምልዓል ብመጠኑ ክረጋጋእ ክኽእል እዩ። ብዓብኡ'ውን ብናይ ሊግ ደረጃ ክትኣትዎ ዘይክኣለት ኤውሮፓዊ ሊግ በዚ ዓወት'ዚ ክትኣትዎ ስለ እትኽእል፡ ንዓወት ልዕሊ ዓቕሚ ክትሃርፍ እያ።

ዩናይትድ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብፍላይ ኣብ ተን ናብ መወዳእታ ኣዋርሕ፡ ብስራ ዝተፈላለዩ ዓይነት መጉዳእቲ ብርክት ዝበሉ ቀዋሞት ተሰለፍታ ከስራ እያ። ኣብዚ ጸወታ'ውን ማጓዬር፡ ማላሺያን ሻውን ኣገልግሎት ከምዘይህብዋ ይግለጽ፣ ማውንት፡ ሊንዶልፍን ማርሻልን ኣብዚ ሰሙን ናብ ልምምድ ብምምላሶም ግና፡ ተራ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ቫራን እውን ክሰለፍ ትጽቢት ይግበረሉ። እንተዘይኮይኑ ካሲሚሮ ከም፡ ኣብ ዝሓለፉ ግጥማት፡ ካብ ምክፋሉ ናብ መስመር ምክልኻል ተሳሒቡ ምስ ኢቫንስ ወይ ማርቲዝዝ ክሰፍን ይግመት።

ሲቲ ግና፡ ንቐዋማይ ሓላዊ ማዕጾኣ ኤደርሰን ጥራይ እያ ዘይትጥቀመሉ - ብሰንኪ ኣብ ገጹ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ።

## ባርሳ፡ ንዣቪ ኣባሪራቶ ፍሊክ፡ መዝነት ተቐቢሉ

እስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና፡ ዓሰልጣኣ ዣቪ ሀርናንደዝ ሰንበት ናይ መወዳእታ ጸወታ ድሕሪ ምምራሑ መዝኑ ከረክብ ምኻኑ ኣፍሊጣ።

ክሳብ 2025 ዘጸንሑ ውዕል ዘለዎ ዣቪ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ምስ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ስርሑ ከረክብ ምኻኑ ኣፍሊጡ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ምስ ሰበስልጣን እዛ ጋንታ ድሕሪ ዘዘበሮ ርክብ፡ ንሓዳሽ ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ክመርሓ ከምዝተሰማምዐ ተቓሊሑ ነይሩ።

ትማሊ ግና፡ ፕረዚደንት ኩዋን ላፖርታ፡ ሓሳቦም ከምዝቐየሩን ኣብዚ እትመጽእ ዘላ ሓዳሽ ዓመተ-ስፖርት ስርሑ ከምዝይቅጽልን፡ ኣብ ናይ ልምምድ እዋን ሓቢርዎ፣ ድሕሪ'ቲ ምስምማዕም ድሕሪ ወርሒ ማለት እዩ። ዣቪ፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ብድሆታት እዛ ጋንታ ብምዝራብ፡ ንላፖርታ ከምዝቖጠዐ እዩ ዝግለጽ።

ንዣቪ ከም ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ኮይኑ ንዘገልገላ ኣብርክቶ ዘመስገነት ባርሳ፡ ኣብቲ ዘውጻኣቶ መግለጺ፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ሓዱሽ ኣሰልጣኒ ክትቖጽር ምኻና ኣፍሊጣ። ብመሰረት ጸብጻባት ከኣ፡ ናይ ቅድም ዓሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ሃንሲ ፍሊክ፡ መዝነር ምስልጣን ተቐቢሉ ኣሎ።

ኣብ መስከረም 2023 ካብ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ድሕሪ ምብራሩ ዛጊት ናብ ስራሕ ከይተመልሰ ዝጸንሐ ፍሊክ፡ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ምፍራሙ ተሓቢሩ።

ኣብ ሕዳር 2021 ንዝተባረረ ዓሰሚ ሮናልድ ኮማን ተክኡ መዝነት ምስልጣን ባርሳ ዝተቐበለ ዣቪ፡ ኣብ ዝሃብዎ ዓመተ-ስፖርት 2022-23 ዋንጫ ላ'ሊጋ ክትዓትር ኣኽኢልዋ። እንተኾነ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ክብራ ክትዕቅብ ኣየኽኣላን፣ ብ12 ነጥቢ ድሒራ ካልኣይቲ ኮይና ምውዳኣ ኣረጋጊጻ ኣላ - ድሕሪ መቐናቕንታ ዕውትቲ ሪያል ማድሪድ። ባርሳ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብፒኤስጂ ካብ ርብዒ ፍጻመ ምግላፋ'ውን ይዝከር።

ፍርያት ኣካዳሚ ባርሳ - ላማሲያ ዝኾነ ዣቪ፡ ከም ተጻዋታይ ን17 ዓመታት ተጻዊቱላ እዩ። ጽባሕ ሰንበት ከኣ፡ ንሰቪያ ኣብ ሜዳኣ ዓዲሞም ኣብ ዘካይድዎ ናይ መዛዘሚ ናይ ላ'ሊጋ ግጥም ንመወዳእታ ግዜ ክዕልማ እዩ።



ዣቪ



ፍሊክ

## ፑኬታ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት መቕጻዕቲ . . .

ተጻዋታይ ዌስትሃም ሉካስ ፑኬታ፡ ኣርባዕተ ግዜ ኮነ ኢሉ ብጫ ንምውሳድ በደል (ፋውል) ከምዝፈጸመ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ከሲስዎ።

እዚ ማሕበር፡ ፑኬታ፡ ኣብ 2022ን 2023ን ኣንጻር ሌስተር፡ ኣስቶን ቪላ፡ ሊድስን ቦርንማውዝን ኮነ ኢሉ በደል ከምዝፈጸመ እዩ ከሲስዎ ዘሎ። እዚ ብራዚላዊ፡ ኣብ ናይ ጠላዕ (ስኮሜሳ) ተግባራት ጽልዋ ንምፍጣር ማለት ብጫ ብምውሳዱ ገለ ሰባት (ኣዕሩኽቱ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይገልጹም) ተረባሕቲ ንምግባር ኢሉ እዩ ብዕላማ ብጫ ካርድ ዝወሰደ ነይሩ - ብመሰረት እዚ ማሕበር።

ይኹን እምበር፡ እዚ ብራዚላዊ፡ ኮነ ኢሉ በደል ከምዘይፈጸመ ብምግላጽ ነቲ ክሲ ነጺግዎ ኣሎ። ክለቡ'ውን ኣብ ጎድኑ ደው ኢላ ኣላ።

ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት፡ ክይናን ኢሳቕ ዝተባህለ ተኸላኻሊ ስትራትፎርድ ታውን ኣብ ናይ ኤፍ.ኤ ካፕ ጸወታ ብዕላማ ንኣዕሩኽቱ ኣብ ስኮሜሳ ክርብሓም ኢሉ በደል ብምግባር ብጫ ካርድ ይወስድ ነይሩ ተባሂሉ፡ ን10 ዓመታት ካብ ኩዕሶ እግሪ ተኣጊዱ እዩ። ፑኬታ ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ተግባር ተኸሲሱ ብምህላዉ፡ ን10 ዓመታት መቕጻዕቲ ክይገጥሞ እዩ ተሰጊኡ ዘሎ።




## ጂሩድ፡ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታ ጥሮታ . . .

ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኦሊቪር ጂሩድ፡ ድሕሪ ዩሮ 2024 ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ክወጽእ መደቡ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ጂሩድ፡ ካብ 2011 ጀሚሩ ኣብ 131 ጸወታታት ማልያ ሃገሩ ለቢሱ እዩ። 57 ሸቶታት ብምቑጻር ከኣ፡ ናይ ኩሉ ሳዕ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ሃገሩ ኮይኑ ኣብ ምምራሕ ይርከብ።

ብኣሰልጣኒኡ ዲዲየር ዲሻምፕ ኣብ ዩሮ 2024 ክጻወት ተመሪጹ ዘሎ ጂሩድ፡ “ዩሮ 2024 ናይ መወዳእታ ኣህጉራዊ ውድድረይ እዩ። ንኣሸቱ ተጻወትቲ ቦታ ክንገድፍ ኣለና። ኣብ ሓንቲ ወቕቲ ብዙሕ ግጥማት ንኽንጻወት'ውን ክንጥንቀቕ ኣለና። ቅኑዕ ሚዛን ክትወስድ ኣለካ።” ክብል፡ መደቡ ሓቢሩ።

እዚ ወዲ 37 ዓመት ተጻዋታይ ኤሲ ሚላን፡ ሎሚ ቀዳም'ውን ነዛ ኢጣልያዊት ክለብ ንመወዳእታ ግዜ ክውክላ እዩ። ኣብ መጀመርያ ዕለት ወርሒ ሰነ ምስዛ ጋንታ ዘለዎ ውዕል ዝውድእ ኦሊቪር፡ ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳ ምስ ኣመሪካዊት ክለብ ሎስ ኣንጀለስ ክጽምበር እዩ። ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሓደ ዓመት ናይ ምጽናሕ ኣማራጺ ዘለዎ ናይ 18 ኣዋርሕ ውዕል ምስታ ጋንታ ፈሪሙ እዩ።

ኣብ ፕሪመር ሊግ ማልያ ኣርሰናልን ቸልሲን ለቢሱ ዝተጻወተ ጂሩድ፡ ኣባል እታ ዋንጫ ዓለም 2018 ዘልዓለት ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ምንባሩ ይዝከር። እንተኾነ፡ ኣብ ሸዱሽተ ግጥማት እኳ እንተተሰለፈ፡ ሸቶ ኣየመዝገበን፣ ኣብ ዕላማ ዝዝረመት ፈተነ'ውን ኣየጓየደን። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ግና፡ ኣርባዕተ ሸቶታት ምምዝጋቡ ይፍለጥ። ፈረንሳ ኣብቲ ኣብ ቀጠር ዝተኻየደ ውድድር ዋንጫ ዓለም፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኣ ናብ ፍጻመ ምብጽሓን ኣብ ፍጻመ ብኣርጀንቲና ብፍጹም ቅላዕ ምስዓራን፡ ናይ ቅድሚ ክልተ ዓመታት ተዘክሮ እዩ።



## ቹመኒ፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክስዕርዎ

ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ኣውሬለን ቹመኒ፡ ብሰሪዚ ኣጋጢምዎ ዘሎ መጉዳእቲ፡ ዝመጽእ ቀዳም ኣብ ዘካይድዎ ናይ ፍጻመ ጸወታ ከምዘይህሉ፡ ኣሰልጣኒኡ ካርሎ ኣንቸሎቲ ተፈሊጡ።

ቹመኒ፡ ኣብቲ ንየር ሙኒክ ዝሰዓሩሉ ናይ ካልኣይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ እዩ፡ ኣብ ጺጋመይቲ እግሩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ኣብ መበል 69 ደቒቕ ተቐይሩ ምውጽኡ'ውን ይዝከር።

ኣንቸሎቲ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “ቹመኒ ብውልቂ ይለማመድ ኣሎ፣ እንተኾነ፡ ንናይ ፍጻመ ጸወታ ድሉው ኣይኮነን። ንዋንጫ ኤውሮጳ ክረክብ ዝኽእል እንተኾይኑ ክገርእዮ ኢና።” ክብል፡ ከምዘይጥቀመሉ ኣረጋጊጹ።

ቹመኒ፡ ወላ'ኳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ እንተሃለወ፡ ብዓሰልጣኒኡ ዲዲየር ዲሻምፕ ግና፡ ኣባል'ታ ናብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 እተቐንዕ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ ኣሎ። ፈረንሳ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኣ 17 ሰነ ኣንጻር ኣስትሪያ እያ ከተካይድ።

እዚ ፈረንሳዊ መንእሰይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብዙይካ ኣብ ወርሓት ሕዳርን ታሕሳስን ብሰንኪ መጉዳእቲ ምዃሩ፡ ብቐዋሚ ክሰለፍ እዩ ጸኒሑ። ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ሚሊታኦን ኣላባን ብሰንኪ መጉዳእቲ ድሕሪ ምብኳርም'ውን ናብቲ ዲሕረዋይ መስመር ተሳሒቡ ተጻዊቱ እዩ።



14 ግዜ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ፡ 1 ሰነ ኣብ ሃገራዊ ስታድዩም እንግሊዝ ዌምብለይ፡ መበል 15 ዋንጫ ሻምፕዮን ንምልዓል ኣንጻር ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ክትጋጠም እያ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኤፍ.ኤ ካፕ ፍጻመ ጸወታ

ማን ሲቲ - ማን ዩናይትድ

5:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ወተሃደራዊ ልምምድ ቻይና - ዕላማኡ፡ "ኣገደስቲ ክፋላት ታይዋን ንምቁጽጻር እዩ" ተባሂሉ

ቻይና፡ "ሕቡር ሴፍ 2024 ኤ" ብዝብል ስያሜ ዝሓለፈ ሓሙስን ዓርብን ዘቐደቶ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ዕላማኡ ሰራዊታ ንኣገደስቲ ክፋላት ደሴት ታይዋን ክቈጻጸር ዝኽእል እንተኾይኑ ንምፍታሽ ከምዝነበረ ኣፈኛ ሰራዊት ምብራቓዊ እዚ'ታ ሃገር ኮሎኔል ሊ ሺ ንማዕከናት ዜና ሓቢሩ።

እቲ ቻይናዊ ወተሃደራዊ በዓል-ስልጣኑ ንዕላማ ናይቲ "ቀጻሊ" ዝበሎ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ኣብ ከባቢ ደሴት ታይዋን ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ሰራዊት ሃገሩ፡ ኣብ ደሴት ታይዋን "ስልጣን መራሕነት" ብሓይሊ ክምንዝዕ ከምዝኽእል ንምርግጋጽ ምኻኑ ኣረጋጊጹ።



ሰራዊት ቻይና፡ ብኣየር፡ ባሕርን መሬትን ዝተወሃሃደ ናይ ክልተ መዓልቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ብዓወት ከምዝሰላሰለ እዩ ዝሕብር። ታይዋን ብወገና ወተሃደራዊ ልምምድ ቻይና ክሳብ ዝውድእ ሰራዊታ ኣብ ተጠንቀቕ ከጸንሕ ከምዝኣዘዘት ትገልጽ።

ቻይና ኣብ ከባቢ'ታ እጃታኣ ምዃና እትገልጾ ደሴት ታይዋን ተደጋጋሚ ወተሃደራዊ ልምምድ እያ ተካይድ። ኣድላዪ እንተኾይኑ እውን ኣብ ልዕሊ'ታ ደሴት ብሓይሊ ናይ ምቁጽጻር ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትኽእል ብቐጻሊ ተጠንቅቕ።

ኣስታት 23 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ደሴት ታይዋን ናይ ገዛእ ርእሳ መንግስቲ ከምዘለዋን ንፖለሲ ሓንቲ ቻይና ከምእትቃወምን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ሓዲሽ ፕረዚደንት ከምዝመረጸት ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ሓዲሽ ፕረዚደንት ዊልያም ላይ ቺንግተ፡ "ታይዋን ኣብ ህዝባ ዝምርኩስ ናጽነትን ልኡላዊነትን ዘለዋ ሃገር'ያ " ክብል ብምዝራብ ንቻይና ምሕር ከምዘቖጥዐ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ገሊጾም። በዚ ድማ ሓዲሽ መንግስቲ ታይዋን ምስ በይጂንግ ኣብ ልዑል ወጥሪ ክኣቱ ከምዝኽእል ተንተንቲ ይእምቱ።

## ሓዲሽ ፕረዚደንት ጫድ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ

ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ጫድ ከምዝዓወተ ዝተገልጸ መሓመት ኣድረስ ደቢ፡ ሓዲሽ ፕረዚደንት ኮይኑ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ።

ድሕሪ'ቲ ኣብ ዓውደ ውግእ ዝሞተ ፕረዚደንት ጫድ ዝነበረ ኣቦኡ ንሰለስተ ዓመት ግዝያዊ ወተሃደራዊ መራሒ'ታ ሃገር ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ መሓመት




ኣድረስ ደቢ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ልዕሊ 61 ሚእታዊት ድምጺ ረኺቡ ከምእተዓወተ'ዩ ዝገለጸ። እንተኾነ፡ ተቓወምቲ ወገናት፡ ኣብቲ ምርጫ ምድንጋራት ከምእተፈጸመ ይኸስሱ።

ኣብቲ ምርጫ ከም ቀንዲ መወዳድርቲ መሓመት ኣድረስ ደቢ ኮይኑ ዝቐረበ ቀዳማይ ሚኒስተር ጫድ ነበር ሱክሰስ ማስራ እውን ዝሓለፈ ሳልስቲ ብፍቓዱ ካብ ስልጣኑ ከምእተኣልየ ዝፍለጥ እዩ።

ንዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት ንጫድ ክመርሕ ዝተመርጸ ፕረዚደንት መሓመት ደቢ፡ ኣሎዎ ሓሊና ንዝተባህለት ፖለቲከኛ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ክትከውን ከምዝረቖሓ ብተለቪዥን ኣብ ዝመሓላለፈ መደረ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ሓሙስ ፕረዚደንት ደቢ ቃለ-ማሕላ ኣብ ዝፈጸመሉ ጽምብል፡ መራሕቲ ሸሞንተ ሃገራት ኣፍሪቃን ሚኒስተር ንግዲ ፈረንሳ ዝርከቦም ሓያሎ ዲፕሎማስኛታት ወጻኢን ተረኺቦም ምንባሮም ተፈሊጡ።

ኣብዚ እዋንዚ፡ ፈረንሳ ምስ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝጸንሓ ዝምድና እናላሕለሐ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ ምስ ጫድ ግን ኀ ጥቡቕ ዝምድና ከምዘለዋ'ዩ ዝፍለጥ። ዛጊት'ውን ኣብታ ሃገር ኣስታት 1000 ሰራዊት ኣሰፊራ ምህላዋ ይጥቀስ።

## ቬትናም - ኣብ መንበሪ ህንጻ ብዘጋጠመ ባርዕ 14 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ቬትናም ርእሰ ከተማ ሃኖይ፡ ኣብ ሓደ መንበሪ ህንጻ ብዘጋጠመ ባርዕ ህይወት 14 ሰባት ከምዝጠፍአ ገሊጾም።

እቲ ኣብ በዓል ሓሙሽተ ደርቢ ህንጻ ዘጋጠመ ባርዕ ዛጊት መጠንሱ ከምዘይተፈልጠን ኣብቲ ባርዕ ጸጺሒሉ ደምጺ ኾትጉ ከምእተሰምዐን ዝሓበሩ ምንጭታት'ታ ሃገር፡ በቲ ክስተት ዝጥርጠሩ ሸውዓተ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝርከቡ ገሊጾም።

እቲ ባርዕ መሸጥን መዓረይን ብኸለታ ኣብ ዝኾነ ታሕተዋይ ደርቢ ናይቲ ህንጻ ከምእተበገሰን ቀልጢፉ ናብ ላዕለዋይ ክፋላት ናይቲ ህንጻ ከምዝለሓመን እቶም ምንጭታት ኣረዲኦም።

ኣብ እዋን'ቲ ሓደጋ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ ህንጻ ዝነብሩ ሰባት መውጽኢ ስኢኖም ላዕልን ታሕትን ክበሉን ሓገዝ ክልምኑን ከምእተራእዩ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኣብቲ ህዝቢ ብጽዕቂ ዝነብረለን ከተማታት ቬትናም ቀጻሊ ሓደጋታት ባርዕ ከምዝረአ ይንገር። ካብ 2017 ክሳብ 2022 ጥራይ ብባርዕ ልዕሊ 400 ሰባት ከምዝሞቱን ኣስታት 17 ሽሕ ኣባይቲ ከምዝሐደደን ጸብጻባት ፖሊስ የመልክቱ።

ኣስታት 100 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ቬትናም ሓንቲ ካብተን ብጽዕቂ ሰባት ዝነቐያ ሃገራት ዓለም ምዃና ይፍለጥ።



## ቓዛ - 2000 ማካይን ረድኤት ኣብ መንገዲ ተዓጊተን



ካብ ግብጺ ተበጊሰን ብማስመር ረፋሕ ናብ ወሸመጥ ቓዛ ክኣትዋ ዝተበገሳ ረድኤት ዝጸዓና ማካይን፡ ኣብቲ መንገዲ ደው ክብላ ከምእተገደዳ ተሓቢሩ።

እተን ንፍልስጤማውያን ተመዝበልቲ ዝውዕል ኣጉዳሲ ሰብኣዊ ረድኤት ዝጸዓና ማካይን፡ ካብ 6 ግንቦት ጀሚረን ክሳብ ሕጂ ቡየም ኣብቲ ውግእ ዝሳተፉ ዘለዉ ሓይልታት እስራኤልን ሓማስን ተኸልኪለን ከምዘለዋ ቑጽባል ሰደተኛታት ኖርወይ ዝተባህለ ትካል ሓቢሩ።

እተን ማካይን ከም መድሃኒት፡ ቴንዳታት፡ ኣግንእ ማይ፡ ናይ ጽሬት ኣቑሑን ካልእ መሰረታዊ ነገራትን ጽዒነን ከምዘለዋ፡ ኮይኑ ግና ቡየም ኣብ ቓዛ ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ዕንቅፋት ከምዝገጠመን እቲ ትካል ረድኤት ሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል ኣብ ረፋሕ ብደብዳብ ነፈርቲ ዝተሰነየ ስርሒት ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን፡ ፍልስጤማውያን ተመዝበልቲ ይከላቡ ከምዘለዉን ህጹጽ ናይ ረድኤት ሓገዝ ከምዘድልዮምን ዝሕብሩ ምንጭታት'ቲ ከባቢ፡ ነበርቲ'ቲ ዞባ ግዳያት ተደጋጋሚ ምምዝባል ይኾኑ ምህላዎም ኣረዲኦም።

እስራኤል፡ ምሕጻንታ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብዘየገድስ ኣብ ረፋሕ ኣንጻር ዕጡቓት ሓማስ ዝቐንዐ ወተሃደራዊ ስርሒት ተካይድ ከምዘላ'ዩ ዝንገር።

ኣፈኛ መንግስቲ እስራኤል፡ "እስራኤል ኣንጻር ሓማስ ኣብ እተካይዶ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ዝኾነ ይኹን ምድራዊ ሓይሊ ደው ኣይከብለናን እዩ" ክብል፡ እቲ ስርሒት ከምዝቕጽል ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ኣብቲ ሻሙናይ ወርሑ ሒዙ ዘሎ ውግእ ቓዛ፡ ህይወት ልዕሊ 35 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምዝጠፍአ ይግለጽ። ብወገን እስራኤል'ውን 1200 ሰባት ብዕጡቓት ሓማስ ከምእተቐትሉ'ዩ ዝንገር።

## ታይላንድ - ኣብ ነፋሪት ሲንጋፖር መጉዳእቲ ዘጋጠሞም 20 ሰባት ጽዑቕ ክንክን ይግበረሎም

ንብረት መንገዲ-ኣየር ሲንጋፖር ዝኾነት ነፋሪት ኣብ በረራ እንከላ ብዘጋጠመ ከቢድ ነውጺ፡ 22 ሰባት ናይ ዓንዲ-ሕቖ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞም ኀና ኣብ ትሕቲ ጽዑቕ ክንክን ከምዝርከቡ ሓላፊ መደበር ጥዕና ባንኮክ ሓቢሩ።

ብጠቕላላ ቁልዓ ዝርከቦም 46 ተሳፈርትን ክልተ ሰራሕተኛታት እታ ነፋሪትን ኣብ'ቲ ሆስፒታል ሕክምናዊ ሓገዝ ይረኽቡ ምህላዎም እዩ እቲ መንገዲ ኣየር ኣፍሊጡ ዘሎ። ወዲ 73 ዓመት ብሪጣንያዊ ሰብኣይ ኣብ'ቲ ነውጺ ዘጋጠሞ እዋን ከምዝሞተ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ጠንቂ ናይቲ ሞት መጥቃዕቲ ልቢ ከምዝኾነ ተረጋጊጹ።

ብዘይካዚም መጉዳእቲ ዓንዲ-ሕቖ ዘወረዶም፡ 17 ናይ ሽንፍ፡ ሓንጎልን ጭዋዳታትን ጸገማት ዘጋጠሞም ተሳፈርቲ ኣብ ሆስፒታል ባንኮክ ሙብጣሕቲ ከምዝገበሩ ተሓቢሩ። ኣብ መደበር ጥዕና ባንኮክ ሕክምናዊ ክንክን ዝቐየደሎም ዘለዉ ግዳያት ናይ'ቲ ነውጺ፡ ዜጋታት ብሪጣንያ፡ ኣውስትራልያ፡ ማለዥያን ፊሊፒንስን ምዃኖም ተገሊጹ።

ብማሰረት በበሰ፡ እታ 'Boing 777-300ER' ዝዓይነታ ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት፡ ካብ ሎንደን ነቒላ ናብ ሲንጋፖር ኣብ እትበረሉ ዝነበረት እዋን'ዩ እቲ ነውጺ ኣጋጢሙዋ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣንፈታ ቀይራ ኣብ ባንኮክ - ታይላንድ ብህጹጽ ክትዓልብ ተገዲዳ። እታ ብቑጽሪ በረራ 'SQ 321' እትፍለጥ ነፋሪት፡ ብጠቕላላ 211 ገያሾን 18 ሰራሕተኛታትን ኣሳፊራ ከምዝነበረት'ውን እቲ መንገዲ-ኣየር ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ጠንቂ ናይቲ ኣብ መንጎ በረራ ዘጋጠመ ነውጺ ኀና ይጻረይ እኳ እንተሎ፡ ብሰንኪ ማዕበላዊ ምቑት ዝሰዓበ ክኸውን ከምዝኽእል ጸብጻባት ኣሕሪሮም።







| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 25/05/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565